NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት
ንስትራቴጂን ፖሊሲን

# ፅንተት ኣብ ትግራይ፡

# ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኻዊ ሕጊ ኣብ ኲናት ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ኣንፈታት ተሓታትነት

ፅማቖ ሓሳብ ሰነ 2016 ዓ.ም.

NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

ትሕዝቶ ......ገፅ

መቕድም ብተርጎምቲ ...... 2

መቕድም ...... 3

መእተዊ ...... 6

ኣበርክትቲ ...... 7

ምኽሪ ሓሳባት እዚ ፀብፃብ...... 11

ካልእ ፀብፃብ ንምንታይ? ንምንታይ ከ ሕዚ?...... 12

ተፈፃምነት ዘለዎ ሕጊ ...... 15

ኣብዚ ፀብፃብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሚዛን መረዳእታ ...... 16

ርኽበታት ሕጊ ...... 17

ዘርኢ ፅንተት ዝምልከቱ ርኽበታት ...... 17

ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝምልከቱ ርኽበታት...... 26

ገበናት ኲናት ዝምልከቱ ርኽበታት...... 28

ብኣባላት ሓይልታት ትግራይ ዝተፈፀሙ ገበናት ዝምልከቱ ርኽበታት ...... 28

ኣብዚ ፀብፃብ እዙይ ዝተመርመሩ ኣግባብነት ዘለዎም ተዋሳእቲ ...... 29

መዛዘሚ ሓሳባት...... 29

## መቕድም ብተርጎምቲ

ዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ኲናት ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት፣ ንብረትን መሰረተ-ልምዓት መጠን ዘየብሉ ዕንወት ኣስዒቡ እዩ። ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዕላማ እቲ ኲናት ሕጊ ብምኽባር ኣብ ሓፂር እዋን ሰላምን ምርግጋዕን ንምስፋን ዝዓለመ ወፍሪ ከምዝኾነ ብተደጋጋሚ ተገሊፁ እዩ። እዚ ብፍላይ ብቐዳማይ ሚኒስቴር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብዪ ኣሕመድ ተፃሒፉ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም. ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕኸናት ክሕተምን ክዘዋወርን ብዝተገበረ ሓደ ፅሑፍ ንዓለምለኸ ማሕበረሰብ ሕጊ ናይ ምኽባር ወፍሪ እዩ ብዝብል ንምእማን ብዙሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ።[1] ግን ከ እቲ ዝተገበረ ምድላውን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት፣ ንብረቶምን መሰረተ ልምዓት ትግራይን ዝተፈፀመ ጨፍጨፍን ዕንወትን ልዕሊ ምኽባር ሕጊ ዝኾነ ዕማም ምንባሩ የነፅር። ነዚ ንምምልኻት ድማ ሚካኤል ጋቪን ዝተባህለ ፀሓፊ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ወፍሪ ሕጊ ምኽባር ዝበሎ “ካብ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ውሽጢ ዓዲ ዝዘለለ ጨውጨው”[2] ብምባል ገሊፁዎ። እቲ ኲናት ካብ መፈለምትኡ ንተጋሩ ንሚኢቲ ዓመትን ልዕሊኡን ንምድምሳስ ዝዓለመ ከምዝነበረ መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም. ነጊሮምኒ ብምባል ሚኒስቴር ወፃእ ጉዳያት ፊንላድን ናይ ሽዑ ወኪል ሕብረት ኤውሮጳ ፔካ ሃቪስቶ ንፓርላማ ኤውሮጳ ካብ ዝሃቦ ምስክርነት[3] ምርዳእ ይካኣል እዩ።

እዚ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራቴጂን ፖሊሲን ብዘካየዶ ዓሚቕ መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዘውፅኦ ፀብፃብ ኣብ እዋን እቲ ኲናትን ብድሕሪኡን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበን ዘርኢ ፅንተትን ብእሩይ ቁፁር ፀብፂቡ ዝሓዘ ከም ተጋሩ ንቐፃሊ ኣብ ልዕሌና ንዝበፅሐ ጨፍጨፍ ኣብ ቅድሚ ዓለም ፍትሒ ክንረክብ ንእንገብሮ ፃዕሪ ከም መሰረታዊ መበገሲ ኮይኑ ዘገልግል ሰነድ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ከምኡ ድማ ኣብ ኲሉ ክፋል ዓለም ዘሎ ትግራዋይ ኢሉ እውን ፍትሒ ክነግስ ባህጊ ዘለዎ ተዛራቢ ልሳን ትግርኛ ኲሉ ብዛዕባ እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበን ተመሳሳሊ ግንዛበ ኣብ ምሓዝን ንቐፃሊ ብዝሰመረ ኣተሓሳስባ ናብ ኣለሻ ፍትሒ ብሓባር ንምውፋርብ ሓጋዚ እዩ ኢልና ብምእማን እዚ ፀብፃብ ካብ ልሳን እንግሊዝ ናብ ልሳን ትግራይ ተርጉምና ናብ ህዝቢ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ንሕና ከም መጠን ኣብ ትግራይ እዚ ኹሉ ግፍዒ እንትፍፀም ኣብ ትግራይ ዝነበርና፣ ዝረአናን ዝሰማዕናን ተጋሩ ነዚ ናይ ትርጉም ስራሕ ንምስራሕ ካብ ገፅ ናብ ገፅ እዚ ሰነድ እንዳመላለስና ኣብ ዘንበብናሉ ወቕቲ ናይ ብሓቂ “ከምዚዑይ እውን ተገይሩ እዩ ለካ!” እንዳበልና ወትሩ ሓዱሽ ጓሂ፣ ወትሩ ሓዱሽ ኣግራሞት እንዳፈጠረልና ኢና ተርጉምናዮ። ስለዝኾነ ድማ፣ እዚ ሰነድ ናይ ብሓቂ ሕድሕድ ትግራዋይ ኣብ ልዕሊዑ ንዝበፅሖን ኣብ ስድርኡ፣ ፈተውቱ፣ ኣዕርኽቱን መቕርቡን እንትበፅሕ ንዝረኣዮን ግፍዒ እንዳኣገናዘበ መጠን ስፍሓትን ዕምቆትን እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ግፍዒ ብሕፀረትን ንውሓትን ግዜ እንተይተወሰነ ብልክዑ ብምርዳእ ንቐፃሊ ፍትሒ ንምርካብ ስሙር ቃልሲ ንኽገብር ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ ኢልና ንኣምን። ስለዝኾነ ድማ፣ እዚ ሰነድ ናብ ኲሉ ክባፃሕ ኲልና ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን ክንተሓባበር ንላቦ።

በዚይ ኣቢልና ድማ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ከበድቲ ገበናት ጥሕሰት ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ሕግታት ሰብኣውነትን ብዕምቆት ብምፅራይ ነዚ ፀብፃብ እዚይ ንዘበርከቱ ኣስማቶም ኣብቲ ፀብፃብ ብቐደም ሰዓብ ዝተዘርዘሩ ምሁራት ልዑል ምስጋና ኣለና። ከምኡ ድማ፣ ነዚ ፀብፃብ ናብ ትግርኛ ክንትርጉም ንዘቕረብናዮ ሓሳብ ብኣወንታ ገምጊሙ ንዝፈቐደልናን ንዝደገፈናን ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራቴጂን ፖሊሲን ምስጋናና ልዕሊ ቓላት እዩ። ኣብ

---

[1] ኣብይ ኣሕመድ ፣ “ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ” (ጆርዳን ታይምስ፣ 2 ለካቲት 2013 ዓ.ም)፤ ቤትፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስቴር ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ፣ “ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ - ብኣብይ ኣሕመድ” (ለካቲት 4፣ 2013 ዓ.ም)፤ ኣብይ ኣሕመድ ፣ “ኣብይ ኣሕመድ፡ ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ” (ዘ ኣፍሪካ ሪፖርት፣ 4 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[2] ሚካኤል ጋቪን፣ “ጎንፂ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ፡ ክፍለጥ ዘለዎ” (3 ለካቲት 2013 ዓ.ም፣ ካውንስል ኦን ፎረይን ሪሌሽንስ)።

[3] ምስክርነት ፔካ ሃቪስቶ ተወከስ፣ <https://www.youtube.com/watch?v=dnXwurdG6aw>።

መወዳእታ እዚ ስራሕ ትርጉም እዙይ እንትንሰርሕ ዓቕምና ክንዲ ዝፈቐዶ ንቓላትን ምሉኣት ሓሳባትን እንግሊዝኛ ብዝመዓራረ ትግርኛ ክንትርጉም ልዑል ፃዕሪ ገይርና ኢና። ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ከይዲ ትርጉም መሰረታዊ ትሕዝቶ እቲ ፀብፃብ ንዘይምዝባዕ ልዑል ፃዕሪ ገይርና ኢና። እንተኾነ ግን፣ ካብ ልሳን ናብ ልሳን ዝግበር ትርጉም ፍፁም በሰር ኣልቦ ይኸውን እዩ ኢልና ንምእማን ስለእንፅገም ዝተፈፀሙ ሓደ ሓደ ጌጋታት ክህልዉ ከምዝኽእሉ ርዱእ ገይርና መንበብቲ እዚ ሰነድ ነቲ ሓፈሻዊ ዓውዲ ብምግንዛብ ኣቃኒዖም ክርድኡልና ብኽብሪ ንላቦ። ሓደ ነገር ግን፣ ኣብቲ ፀብፃብ ዘለዉ ብዙሓት ኣሕፅሮተ-ቓላት ንኣብነት ንሰራዊት ኢትዮጵያ ንምግላፅ (ENDF) ንሰራዊት ኤርትራ ንምግላፅ (EDF) ንፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ንምግላፅ (ASF) ከምኡ ድማ ሓደሽቲ ዝተጣየሹ ዓለምለኸ ትካላት ንምግላፅ ንኣብነት ኣብ ትግራይ ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ብሓፈሻ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምፅራይ ዝተጣየሸ ዓለምለኸ ኮሚሽን ንምግላፅ (ICHREE) ከምኡ ድማ ተመሳሰልቲ ኣብቲ ፀብፃብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ካልኦት ኣሕፅሮተ-ቓላት ብትግርኛ ብዙሕ ዘይተለመዱ ኮይኖም ስለዝረኸብናዮም ብተመሳሰልቲ ኣሕፅሮተ-ቓላት ምትካእ ገዲፍና ብትርግኛ ምሉእ ኣስማቶም ፅሒፍና ሓሊፍናዮም ኢና። እዙይ ግን፣ ንትሕዝቶ እቲ ፀብፃብ ይቕይሮ እዩ ዝብል እምነት የብልናን።

ሰናይ ንባብ

ለኣከ መኮነን ተስፋይ

ወንድም ምዕሾ ኣብርሃ

ገ/ሂወት እንተሃዉ ደስታ

(ዩኒቨርሲቲ ኣኽሱም ቤትትምህርቲ ሕጊ)

ሚያዝያ 2018 ዓ.ም፣ ኣኽሱም።

## መቕድም

እዚ ባህሊ ልዑል ፅልዋ መፅናዕትን ምኽርን ዝዓቀበ ሓዱሽ ፀብፃብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን ሰብኣዊ መሰላትን ብዝተሰመዩ ጉጅለ ሰብ ሞያ ዓለምለኸ ሕጊ ዝተዳለወ እዩ። ብስፍሓትን ዕምቆትን ትንታኒኡ ፍሉይ ኮይኑ፣ ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ክሳብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ ብረታዊ ጎንፂ ኣንፃር ተጋሩ ተፈፂሞም ንዝተባህሉ ገበናት ኣብ ዝህሉ ጉዕዞ ተሓታትነት መሪሕ ስጉምቲ ክኸውን ተኽእሎ ኣለዎ።

እዚ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ገበናት ንዘለዉ ተኣመንቲ ስምዕታታት ምስ ዓለምለኸ ስምምዕ ዘርኢ ፅንተት ከምኡ ድማ ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበን ምስ ዘለዉ ተዛመድቲ ቀኖናታት ኣገናዚቡ ኣቐሚጡዎም እዩ። ኣብ ከይዲ እዙይ ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ተሓታቲት ክትከውን እትኽእለሎም መሕበርታታትን ኣድላዪነት ምሉእ ምፅራይ ገበንን ኣእንፊቱ እዩ። እዚ ፀብፃብ ጃምላዊ ቕትለት፣ ጥሜትን ዕንወት ቐንዲ መሰረተ-ልምዓትን ከምኡ ድማ ቁፅሪ ብዘይብሎም ፍፃመታት ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ተግባራት ፆታዊ ግህሰትን ሓዊሱ ኣንፃር ተጋሩ ከም ብሄራዊ ጉጅለ ፅንተት ከም ዝተፈፀመ እንተነኣሰ ብምኽንያታዊ ገምጋም ንምእማን ዘኽእሉ መግለፅታት ብዘእምን ኣቀራርባ ኣነፂሩ እዩ። ሕቶ ፅንተት ናብ ቅድሚት መዳዳ ብምምፃእ፣ እዚ ፀብፃብ ናይዚ ብዙሕ ዘይተፀብፀበ ጎንፂ እዙይ ግዳያት ዝበፅሖም መጉዳእትን ስቅያትን ክብደቱን መጠኑን ብምሉእ ንምርዳእ በሪ ከፊቱ እዩ።

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ቅድም ክብል ኣብ ዩክረይን ከምኡ እውን ኣንፃር ሮሂንጂያ ኣብ በርማ/ማያንማርን ኣንፃር ዊኹር ኣብ ቻይናን ተፈፂሞም ንዝተባህሉ ገበናት ፀብፃብ እንትሰርሕ ከም ዝዳህሰሶ፣ ፆታ-ተኮር መጥቃዕቲ ሳሕቲ እዩ ምሉእ ወይ እኹል ኣፍልጦ ዝረክብ። ነዞም ገበናት ዝተዋህበ ፍትሒ እውን ዛጊድ ስሑው እዩ። ብዘሰክሕ ኩነታት፣ ምስ ካልኦት ፍልፍላት እውን ብዝሰነ፣ እዚ ፀብፃብ እዙይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን መላፍንቱ ሓይልታት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ጉጅለ ምልሻታትን ንተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ንምስጓጉ ጥራሕ እንተይኮነ ንተጋሩ ከም ጉጅለ ጠቕሊሎም ንምጥፋእ ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ከም መሳርሒ ኩናት ከም ዝተጠቐሙ ዘእምኑ ምኽንያታት ኣቕሪቡ እዩ። ግዳያት እዞም መስካሕካሕቲ ተግባራት ዝኾና ኣንስቲ ትግራይ ዛጊድ ደኽየንን ካብ ሕብረተሰብ ተነፂለንን ይነብራ ኣለዋ። እቲ ጎንፂ ካብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ጀሚሩ ጠጠው እንተበለ እውን፣ ብድሕሪኡ እውን ተመሳሰልቲ ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፃትን በቶም ቀዳሞት ፈፀምቲ ምፍፃም ቀፂሎም ከምዘለዉ እሙናት ስምዕታታት ብተደጋጋሚ ይገልፁ ኣለዉ።

ኣንፃር ተጋሩ ዘርኢ ፅንተት ከምዝተፈፀመ ንምእማን ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ ኢልካ ኣፍልጦ ምሃብ ንባዕሉ ጥራሕ እንተይኮነ መውፃእቲ ፖሊሲ ግቡእ ምላሽ ንኽሕንፅፁ ስለዝሕግዝ ጠቓሚ እዩ። ብመንፅር ዓለምለኸ ሕጊ፣ ብዛዕባ ዘርኢ ፅንተት ዝቐርቡ እሙናት ስምዕታታት ሓደሽቲ ኣንፈታት ተሓታትነትን መእረምታን ምሕባር ጥራሕ እንተይኮነ ኣባላት ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ነዞም ውፅኢታት እዚኦም ንምሕላቕ ዘለዎም ግቡእ ትኹረት ክወሃቦ ዝገብሩ እዮም። ብመንፅር ግዳያትን ዝተበደሉ ማሕበረሰባትን፣ ፅንተት ከም ዝተፈፀመ ንምእማን ምኽንያት ከምዘሎ ኣፍልጦ ምሃብ ስቓያቶም ንምግምጋምን ናይ ዳግም ሕውየት ድሌታቶም ንምምላእን ንዝግበር ስራሕ ክመርሕ ዝግብኦ እዩ።

ብቐንዱ፣ እዚ ፀብፃብ ሃገራትን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ኣብ ኢትዮጵያ ፍትሓውን ርጉእን ሰላም ንኽህሉ ንምሕጋዝ ክወስድዎም ከም ዝግብኦም ኣብ ግምት ከእትዉዎም ዝግብኦም ፈላሞት ጭቡጣት ስጉምትታት ሓቢሩ እዩ። ልዕሊ ኹሉ፣ እዚ ነቲ ብዘሕዝን ኩነታት ደውታ ገጢሙዎ ዘሎ ከይዲ ምውፃእ ሓቅን ተሓታትነትን ዳግም መፅናዕቲ ክግበረሉ ዝጠልብ እዩ። እዙይ ብክልተኣዊ ርክባት፣ ኣብ ስምምዕ ፅንተት ዘለዉዎም ግቡኣት ብምፍፃም፣ ዘይሻራዊ ምፅራይ ገበን ክፍፀም ብምሕላቕን ብመሰረት ዘቤታዊ ሕግታተን ኣግባብነት ኣብ ዘለዎም ዋኒናት ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ብምትግባርን ሓዊሱ ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ክፍፀም ይኽእል እዩ።

ምናልባት ግን፣ ናይዚ ፀብፃብ ብጣዕሚ ጠቓሚ መልእኽቲ ንቐንዲ መትከላት ዓለምለኸ ሕጊ ኣብ ምሕላቕን ምሕላውን ተወፋይነትን ስሙርነትን ክህሉ ዘቕረቦ ምሕፅንታ እዩ። ሓደ ጎንፂ ኣብ እግሪ እቲ ካልእ ዝከታተሉ ኣብ ዝመስል ዓለም፣ ንዓለምለኸ ሕጊ ዝግዝኣ ዓድታት ነዚ ኸይዲ ዝዓግታሉ ዝኾነ መንገዲ ክፈጥራ ኣለወን። ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ብቐፃልነት ካብ ሓደ ኣጋጣሚ ናብ ካልእ ኣጋጣሚ ዝድረኽ እንተኾይኑ ፍትሒ ፈፂሙ ኣይነግስን እዩ። ትግራይ መርኣያ እያ። ግን ድማ ገና ኣይመሰየን፤ ኣብ ትግራይ ንፍትሕን ተሓታትነትን ጥንኩር መሰረት ንምህናፅ ዕድል ገና ኣሎ እዩ። እዙይ ንምግባር ዓድታትን መውፃእቲ ፖሊሲን ነዚ ፀብፃብ ከም መደረኺ ክጥቀሙሉ ይግባእ።

**ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ**

ዳይሬክተር

ትካል ሰብኣዊ መሰላት ዓለምለኸ ማሕበር ጠበቓታት

## መእተዊ

ብበዝሒ ሞት እንተተለኪዑ፣ ሕይወት ልዕሊ 400,000 ወታደራትን 300,000 ዝኾኑ ሰላማውያንን ዝበልዐ ኲናት ትግራይ ናይ መበል 21 ክፍለዘበን እቲ ቀታሊ ዝበሃል ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ድማ እቲ ደማዊ ዝበሃል ብረታዊ ጎንፂ እዩ።[1]

ፅዑቕ ዝኾነ ሰብኣዊ ስቅያት እኳ እንተበፅሐ፣ እዚ "ዝተረስዐ" ኲናት እዙይ ክንዲ እቲ ኣዝዩ ዝግብኦ ዓለምለኻዊ ኣቓልቦ ኣይረኸበን። ዓለም ፈላሞት ፃዕርታታ ንኸይትቕፅል ድልውቲ ዝኾነትሉ ዘይምቹው ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ዓለምለኽ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ስራሕቱ እንተይዛዘመ ተኾሊፉ ኣሎ። ሕቡራት መንግስታ ኤሜሪካ ኣብቲ ክልል ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ከም ዝሞቱን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበናት ኲናትን ከም ዝተፈፀሙን እንተኣረጋገፀት እኳ፣[2] ገንዘባውን ቁጠባውን ደገፋታ ቅድሚ ኲናት ናብ ዝነበሮ መሊሳቶ ኣላ። ብተመሳሳሊ፣ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ ክልል ንዝተፈፀሙ መጠነ ሰፋሕቲ ግሕሰታት ተሓታትነት ገና እንተይረተጋገፀ ምስታ ሃገር ዝነበራ ናይ 680 ሚልዮን ዶላር ኤሜሪካ ትልሚ ደገፍ ልምዓት ናብ ዝነበሮ መሊሳቶ ኣላ።

ከም ውፅኢቱ ድማ ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኽ ሕጊ ንምርግጋፅ ዝግበሩ ፃዕርታት ግቡእ ክትትል ወይ እኹል ደገፍ ኣይተገበረሎምን። ግዳያት ናይዚ ንስሙ እኳ ተፃብኦ ብ2015 ዓ.ም. ጠጠው እንተበለ ርጉእ ሰላም ግን ዘይኣምፅአ ጎንፂ እዙይ ፍርሕን በደልን ኣብ ውሽጦም ተሸኪሞም ክነብሩ እዮም። ሕይወት ሚልዮናት ምጥፍኡ ቀፂሉ ኣሎ፤ ብዙሓት ሚልዮናት ድማ ከም ሳዕቤን እቶም ወተሃደራዊ ወፍርታት ብስእነት ውሕስና ምግቢ ምስቓዮም ይቕፅሉ ኣለዉ። ሞት ኣማኢት ኣሽሓት ተጋሩ ንዘስዓቡ ፍፃመታት ዕፅዋ ሰብኣዊ ቐረባት ንምፅራይን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ጥራሕ እንተይኮነ ነቶም ብሰፊሑ ከም ዝተፈፀሙ ዝተፀብፀቡ ጃምላዊ መቕተልቲ፣ ብሓይሊ ምድፋር፣ ግዱድ ምስዋር፣ ኣካላዊ ግሕሰትን ምስቓይን ከምኡ ድማ ከም ቐረባት ሓለዋ ጥዕና ንዝኣመሰሉ ቐንዲ ሲቪላዊ መሰረተ-ልምዓት ዕላማ ናይ ምግባር ፍፃመታት እውን ንምፅራይን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ብዙሕ ግዜ ክውሃብ ኣለዎ።

እዚ ብኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ዝቐረበ በኳር ፀብፃብ ንመዳርግቲ ኣካላት ብዛዕባ እቶም ተፈፂሞም ዝተባህሉ መጠነ-ሰፋሕቲ ተግባራት ገበን ብምሕባር፣ ነቶም ኣግባብነት ዘለዎም ስምዕታታት ብፍሉይ ብመንፅር ስምምዕ ፅንተት ትንታነ ሕጊ ብምቕራብን ከምኡ ድማ ብብርኪ ዓለምለኽን ውሽጢ ዓድን ኣብ ተግባር ክውዕሉ ዘለዎም ኣንፈታት ተሓታትነት ብምሕባርን ነዚ ሓጓፍ እዙይ ንምምላእ ዝዓለመ እዩ።

እዚ ፀብፃብ ኣብ ከም ዓለምለኽ ሕግታት ሰብኣዊ መሰላትን ዓለምለኽ ሕጊ ገበንን ዝኣመሰሉ ዓውድታት ብዝተሰመዩ ኣባላት ጉጅለ ሰብ ሞያ ዓለምለኽ ሕጊ ዝተዳለወ እዩ። ካልኦት ተመሳሰልቲ ፀብፃባት ተመሳሰልቲ ጭቡጣት ስምዕታታት ዝምልከት ኣብ ተመሳሳሊ መደምደምታ ዝበፅሑ እንተኾኑ እኳ፣ ፀብፃብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ግን ንፈለማ ግዜ ነዞም ስምዕታታት ምስ ስምምዕ ፅንተት ዘዛመደን ብኡኡ መሰረት ድማ ናብ ተግባር ንኽኣትዉ ዝፀወዐን እዩ።

እቲ ፀብፃብ ኣብ ከይዲ እቲ ጎንፂ ኩሎም ሓይልታት (ኢትዮጵያውያንን መላፍንቶምን፣ ሓይልታት ትግራይን) ገበናት ኲናት ከም ዝፈፀሙ ዘረጋገፀ እንትኸውን፣ ኢትዮጵያውያንን መላፍንቶም ሓይልታትን ብፍላይ ድማ ኣባላት ስራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ካልኦት ሓይልታትን ድማ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ተግባራት ዘርኢ ፅንተትን ከም ዝፈፀሙ ዘርኢ እዩ።

---

[1] https://www.ft.com/content/2f385e95-0899-403a-9e3b-ed8c24adf4e7

[2] https://usun.usmission.gov/remarks-by-ambassador-linda-thomas-greenfield-at-the-un-security-councilstakeoutfollowing-a-closed-meeting-on-the-situation-in-ethiopia/

እዞም ተግባራት ዘርኢ ፅንተት እዚኣቶም መቕተልቲ፣ ከበድቲ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ምብፃሕ፣ ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራትን ኮነ ኢልካ ተጋሩ ክጠፍኡ ኣብ ዝኽእሉሉ ኩነታት ሕይወት ክበፅሖም ምግባርን ዝሓወሱ እዮም። እቲ ፀብፃብ፣ ብተወሳኺ፣ ዝተወሰኑ ውልቀሰባት ፅንተት ክፍፀም ዘለዓዕሉ ቀጥታውን ህዝባውን መግለፅታት ከምዝሃቡ ኣረጋጊፁ እዩ።

እዚ ግሉፅ ተግባር ኢትዮጵያውያንን መላፍንቶም ሓይልታትን እዙይ ከም ኣካል ትልሚ ኮይኑ ዝተፈፀመ ድዩ ወይ ድማ ብላዕለዎት ኣመራርሓ ዝተደገፈ ድዩ ነይሩ ብዘየገድሽ፣ ኢትዮጵያ ከም መጠን ፈራሚት ስምምዕ ፅንተት ተግባራት ዘርኢ ፅንተት ከይፍፀሙ ንምክልኻልን እንተተፈፂሞም ነቶም ተግባራት ንምቕፃዕን ውፅኢታዊ ስጉምቲ ክትወስድ ግቡእ ነይሩዋ እዩ።

ከም ውፅኢቱ ውልቀ ዓድታት ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅ 9 ናብ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ብዘቕርብኦም መሰማዕታታት እውን ሓዊሱ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ተግባራዊ ስራሕ ክሰርሕ ይግደድ እዩ። ብተወሳኺ፣ ሃገራትን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ዓለምለኻዊ፣ ዘይሸራውን ነፃን ምፅራይ ገበን ክካየድ ንኸረጋግፃ፣ ኣድማሳዊ (ዓለም-ለኻዊ) ስልጣን ዳይነት ዝከኣል እንትኸውን ተግባራዊ ክገብራ፣ ኣብ መወዳእትኡ ድማ ኣብ ትግራይ ንዝተፈፀሙ መእለያ ዘየብሎም ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ፍትሒ ክረጋገፅ ስጉምቲታት ክወስዳ ኣለወን።

**ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ**

ላዕለዋይ ዳይሬክተር

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን

## ኣበርከትቲ

እዚ ፀብፃብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ዝተዳለወ እዩ። ብቕደም ሰዓብ ፊደል ኣስማቶም ተሰሪዖም ነዞም ዝስዕቡ ውልቀ ሰብ ሞያ ንኣበርክቶኦምን ምኽሮምን ምስጋናና ልዑል እዩ። ሰናይ በዓል ፋሲካ።

**ዶ/ር ክርስትያን ሁክ**

ዶ/ር ክርስትያን ሁክ ኣብ ማእኸል ኤሮዥያ ጉባኤ ኣትላንቲክ ብትርፊ ሰዓት ዝሰርሓ ላዕለወይቲ በዓልቲ ሞያ እየን። ኣብ ዋኒናት ምክልኻል ዘርኢ ፅንተትን ጃምላዊ ጨፍጨፍን፣ ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታትን ዳግም-ህንፀት ድሕረ-ኲናትን ብፍሉይ ዘፅንዓ እየን። ኣብ ዩክሬይንን ርክብ ዩክሬይንን ሩስያን ፍልይቲ በዓል ሞያ ኮይነን፣ ኣብ ዓድታት ምብራቕ ኣውሮጳ፣ ዓድታት ባልካን፣ ማእኸላይ ምብራቕ፣ ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ደቡብ ምብራቕ ኤስያን ካሪብያንን ንልዕሊ 25 ዓማውቲ ሰሪሐን እየን።

**ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ**

ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ላዕለዋይ ዳይሬክተር ኮይኖም ንኽፍሊ መፅናዕቲ ጃምላዊ ጨፍጨፋትን ዓለምለኽ ሕግን ኣቦ ወንበር ኮይኖም ይሰርሑ። ካብ ዩኒቨርሲቲ ካምብሪጅ ናይ ዶክትሬት ዲግሪ ድሕሪ ምቕባሎም ኣብ ዩኒቨርሲተቲታት ኦክስፎርድ፣ ሃርቫርድን ዬልን ምሕዝነታዊ መደባት መፅናዕቲ ፈፂሞም እዮም። ዶ/ር ኢብራሂም ሽልማት ዓለምለኸ ማሕበር ምሁራን መፅናዕቲ ዘርኢ ፅንተት 2011 ዓ.ም. ዝተቐበሉሉ **“ሮሂንጂያውያን፡ ሕቡእ ዘርኢ ፅንተት ኣብ ሚያንማር (ሃርስት 2008 ዓ.ም.)”** ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ መፅሓፍ ዝደረሱ እዮም።

**ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ**

ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ ካብቶም ፍሉጣት ሰብ ሞያ ሕጊ ብሪታንያ ሓንቲ እያ፡፡ ሙያዊ ሂወተን ኣብ ስርዓት መንግስቲ ዝተሓተ ዓቕሚ ንዘለዎም ድምፂ እንዳኾና፣ ንሲቪላዊ ናፅነታት እንዳተሓለቓን ሰብኣዊ መሰላት እንዳኣቃልሓን ዘሕለፋ እየን፡፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ብፍቶት፣ ብተውህቦን ሰብኣውነትን ንምክታዕ ብዙሓት ህዝባዊ መድረኻት ዝተጠቕማ ኮይነን ብ1969 ዓ.ም. ናብ ቤትምኽሪ ልዑላን ተመዚዘን እየን፡፡

### ኒክ ሊዲ

ኒክ ሊዲ ካብ 2014 ዓ.ም. ጀሚሮም ኣባል ትካል ሌጋል ኣክሽን ወርልድዋይድ እንትኾኑ ሓላፊ ዋኒናት ክትዕ እዮም፡፡ ኒክ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ውሽጢ ዓድን ዓለምን ምኩር ተማጓታይ እዮም፡፡ ቅድሚ ኣባል ትካል ሌጋል ኣክሽን ወርልድዋይድ ምዃኖም ኒክ ኣብ ቤትፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን በዓል ሞያ ክስን ሞጎትን ኮይኖም ኣብ ዓድታት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ ኣውሮጳን ደቡብ ምብራቕ ኤስያን ዝተፈፀሙ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ኣፃርዮምን ከሲሶምን እዮም፡፡

### ዶ/ር ሜላኒ ኦ’ብሬይን

ዶ/ር ሜላኒ ኦ’ብሬይን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ምዕራብ ኣውስትራልያ ተሓባባሪት ፕሮፌሰር ዓለምለኸ ሕጊ እየን፡፡ ፕረዚዳንት ዓለም-ለኸ ማሕበር ምሁራን መፅናዕቲ ዘርኢ ፅንተት ከምኡ ድማ ናይ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣውስትራልያ ኮሚቴ ዓለም-ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ምዕራብ ኣውስትራልያ ኣባል እየን፡፡ ትኹረት መፅናዕትን ዓውድታት ምምኻርን ዶ/ር ኦ’ብሬይን ዓለም ለኸ ሕጊ ገበን፣ መፅናዕቲ ፅንተት፣ ዓለም-ለኸ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ዓለም-ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት፣ ተሓላቕነት ኣንስታይ ክልሰ-ሓሳብ ሕጊ፣ ዓለም-ለኸ ብሔራዊ ሕጊ፣ ንፅፅራዊ ሕጊ ገበን፣ ምኽባር ሰላምን ወታደራዊ ሕግን የጠቓልሉ፡፡ ዶ/ር ኦ’ብሬይን ኣብ ዙርያ ግዱድ መርዓ ዝሰርሕኦ ስራሕ ብዓለም-ለኸ ቤትፍርዲ ገበን ዝጥቀስ እንትኸውን ኣብ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ወሃቢት ርእይቶ መሓዘ ቤት ፍርዲ ኮይነን ዝሰርሓ እየን፡፡

### ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ

ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ ተሓላቒት ሰብኣዊ መሰላት፣ ደራሲትን መጣይሽቲ ጥምረት ምላሽ ንፅንተትን (ኮኣሊሽን ፎር ጄኖሳይድ ሪስፖንስ) እየን፡፡ ዶ/ር ኦሃብ ኣብ መፅናዕተን ኣብ ዓለም ዘለዉ ውሑዳት ብሔራውያንን ሃይማኖታውያንን ጉጅለታትን ዝበፅሖም ወፅዓ፣ ብፍላይ ድማ ተግባራት ዘርኢ ፅንተት ዳዕሽ ኣብ ሶርያን ዒራቕን፣ ተግባራት ጨፍጫፍ ቦኮ ሓራም ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ፣ ኲነታት ኣስላም ሮሂኒጂያውያን ኣብ ሚያንማርን ዊኹር ኣብ ቻይናን የጠቓልሉ፡፡

### ፕሮፌሰር ጆን ፓከር

ፕሮፌሰር ጆን ፓከር ኣብ ፋካልቲ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ኦታዋ ኖይበርገር-ጂሲን ፕሮፌሰር ኣተኣላልያ ዓለምለኸ ጎንፅታትን ከምኡ ድማ ዳይሬክተር ማእኸል መፅናዕትን ትምህርትን ሰብኣዊ መሰላት እዮም፡፡ ኣብ ሃገራት ዒራቕ፣ ኣፍጋኒስታንን በርማ/ሚያንማርን ዝተፈፀሙ ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ምፅራይ ሓዊሱ ንልዕሊ 20 ዓማውቲ ኣብ ዓለምለኸ ትካላት (ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣ ዓለም-ለኸ ትካል ሽቃሎ፣ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮኒሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፣ ክፍሊ ዋኒናት ፖለቲካ ሕቡራት ሃገራት፣ ትካል ድሕነትን ምትሕብባርን ኣውሮጳ) ስሪሖም እዮም፡፡ ቅድም ክብል ኣብ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ዋኒናት ውሑዳን ብሔራት ትካል ድሕንነትን ምትሕብባርን ኤውሮጳ ላዕለዋይ መማኸሪ ሕግን ፈላማይ ዳይሬክተርን ነይሮም እዮም፡፡ ፕሮፌሰር ፓከር ኣብዚ ዕማም እዙይ ከም ቐንዲ መማኸሪ ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም፡፡

### ኢሚሊ ፕረይ

ኢሚሊ ፕረይ ኣብ ነው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ዳይሬክተር ፖሊሲ ስነ-ፆታ እየን፡፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ሕግን ዲፕሎማሲን ፍሌቸር ብትንተና ስነ-ፆታን ሰብኣዊ ድሕነትን ማስተርስ ዲግሪ ዘለወን ኮይነን ኣብ

ፅንተትን ፍትሒ ስግግርን ብፍሉይ መፅናዕቲ ዝገበራ በዓልቲ ሞያ ስነ-ፆታ እየን። ዘርኢ ፅንተት ዊኹር፡ መፅናዕቲ ጥሕሰት ስምምዕዘርኢ ፅንተት ኣብ ቻይና ከምኡ ድማ ዘይሽራዊ ትንታነ ሕጊ ብፌዴሬሽን ሩስያ ኣብ ዩክሬይንን ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ስምምዕዘርኢ ፅንተትን ሓለዋ ናይ ምግባር ግቡእን ንዝብሉ ዘይሽራውያን ፀብፃባት ሰብሞያ ኣበርክቶ ገይረን እየን። ኣብዚ ዕማም እዚ ይ ከም መማኸሪት ኮይነን እየን ኣገልጊለን።

### ኣምባሳደር ኣለን ሮክ

ኣምባሳደር ኣለን ሮክ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦታዋ ፕረዚዳንት ነበርን ፕሮፌሰር ሕግን እዮም። ኣብ ብዙሓት ናይ ካቢኔ ሓላፍነት በታታት ናብ ዘገልገሉሉ ፓርላማ ቅድሚ ምምራፆም ን20 ዓማውቲ ናይ ፍርዲ ጠበቓ ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ዳሕራይ ድማ ኣብ ኒውዮርክ ኣምባሳደር ካናዳ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኖም ኣብ ዘገልገሉሉ ግዜ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ዝኾና ዓድታት ሓለዋ ናይ ምግባር ግቡእ ንዝብል ሰነድ ሕቡራት ሃገራት ብምሉእ ድምፂ ንኸፅድቕኦ ብካናዳ ንዝተገበረ ፃዕሪ መሪሖም ኣዕዊቶም እዮም።

### ኤረን ፌረል ሮሰንበርግ

ኤረን ፌረል ሮሰንበርግ ኣብ ኮሌጅ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ሲንሲናቲ ኣብ ዝርከብ ትካል ሰብኣዊ መሰላት ኣርባን ሞርጋን ተዓዳሚት በዓልቲ ሞያ እየን። ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን መትከሊ እግርን ፍሉይ ፍልጠት ዘለወን ጠበቓ ኾይነን ኣብ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ከምኡ ድማ ኣብ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ንዓሰርተ ዓማውቲ ዝሰርሓ እየን። ቅድም ክብል ኣብ ቤተ-መዘክር ዘርኢ ፅንተት ኣይሁድ ሕቡራት ሃገራት ኤሜሪካ ናይ ዝርከብ ማእኸል ምክልኻል ዘርኢ ፅንተት ላዕለወይቲ መማኸሪት ኮይነን እንተገልግላ ምክልኻል ብተግባር፡ ድንጋገ ግቡእ ምክልኻል ስምምዕዘርኢ ፅንተት ኣብ በርማ ከመይ ይሰርሕ ናይ ዝብል ተኸታታሊ ፀብፃብ መሪሕ ደራሲት ነይረን።

### ኣምባሳደር ፕሮፌደር ዴቪድ ጀይ. ሼፈር

ኣምባሳደር ፕሮፌደር ዴቪድ ጄ ሼፈር ቅድም ክብል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኖርዝዌስተርን ቤት ትምህርቲ ሕጊ ፕሪዝከር ዳይሬክተር ማእኸል ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት (1998 ዓ.ም -2011 ዓ.ም.) ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ሎሚ ድማ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ፕሮፌሰር ሕጊ መየር ብሮውን/ሮበርት ኤ ሄልማን ኮይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ካብ 1983 ዓ.ም. ክሳብ 1989 ዓ.ም. ኣብ ኮሚቴ ተወከልቲ ብሔራዊ ቤትምኽሪ ፀጥታ ዘገልገሉ ኮይኖም ብ1989 ዓ.ም. ድማ ላዕለዋይ ኣምባሳደር ሕቡራት ሃገራት ኤሜሪካ ኣብ ዋኒናት ገበናት ኲናት ኮይኖም ምስ ተሰየሙ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ናብ ዝመስረተ ሕቡራት ሃገራት ጉጅለ ተወከልቲ ሕቡራት ሃገራት ኤሜሪካ መሪሖም እዮም። ካብ 2004 ዓ.ም. ክሳብ 2010 ዓ.ም. ፍሉይ በዓልሞያ ዋና ፀሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዋኒናት ደገፍ ሕቡራት ሃገራት ንኽይዲ ፍርዲ ኽመር ክራሃም (ኽመር ሬዥ) ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም።

### ኣኒካ ወይስ

ኣኒካ ወይስ ኣብ ብሔራዊ ዓለምለኸ ሕጊ፣ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን ዓለምለኸ ሰብኣዊ መሰላትን ፍሉይ ሞያ ዘለወን በዓልቲ ሞያ ዓለምለኸ ሕጊ እየን። ኣብ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ ኣብ ዋኒናት ፍትሒ ነባሪ ኣየርን ኣብ መሰል ህፃናትን ምስዝሰርሑ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ከምኡ ድማ ከም ውልቀ መማኸሪት ዘለወን ልምዲ ኣጣሚረን ዝሓዘ እየን። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝርከብ ቤትትምህርቲ ስነ-ቑጠባ ለንደን ብብሔራዊ ዓለምለኸ ሕጊ ብማስተርስ ዲግሪ፣ ኣብ ኔዘርላንድስ ካብ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ኽሮኒነገን ብሕጊ ዓለምለኽን ኤውሮጳን ብባችለር ዲግሪ ከምኡ ድማ ካብ ዩኒቨርሲቲ ከተማ ለንደን ብሕጊ ዲፕሎማ ድሕረ-ምረቓ ተማሂረን እየን።

## ፅንተት ኣብ ትግራይ፡ ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኻዊ ሕጊ ኣብ ኲናት ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ኣንፈታት ተሓታትነት

### ፅማቝ ሓሳብ ንመውፃእቲ ፖሊሲ

ብዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን (ብመንገዲ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣) ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህ.ወ.ሓ.ት.) ዓለም-ለኻዊ ዘይኮነ ብረታዊ ጎንፂ ኣጋጢሙ።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ከም ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ከምኡ ድማ ተመሳሰልቲ ሓይልታት ዓፋርን ምስኦም ዝተሰለፉ ሓይልታት ምልሻን ዝኣመሰሉ ኢትዮጵያውያን ሓይልታት ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ እዩ ተንቀሳቒሱ። ከም ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ዝኣመሰሉ ጉጅለታት ብስያመኦም ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ክልላዊ መንግስታት ኢትዮጵያ እኳ እንተኾኑ፣ ከም ውፅኢቱ ድማ ናታቶም ተግባራት ብቐጥታ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ (ወይ ብኻልእ ኣገላልፃ ምስ ሃገረ ኢትዮጵያ) ዘይተሓሓዙ እኳ እንተኾኑ፣ ዘይሻራዊ መፅናዕቲ ሰብ ሞያ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ተዋዲዶም ከምኡ ድማ/ወይ ብጥምረት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊፁ እዩ።[3] ብተወሳኺ፣ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተደጊፉ እዩ።[4]

ካብ ሰናይ ጐሓቱ፣ ትግራይ ከም ክልል ብምልኣ ኣብ ምሉእ ፀልማት እያ ኣትያ ነይራ። እዙይ ናይታ ክልል ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክቋረፅ ዝገበረ ኮይኑ፣ ኣብ ባንክታትን ካልኦት ቀረባት ዕለታዊ ናብራን ሳዕቤን ነይሩዎ። ተጋሩ ኣብ ሓፂር ግዜ እዮም ካብ ምሉእ ዓለም ተቖሪፆም ተፈልዮም። ስድራቤታትን ኣዕርኽትን ብዘዕባ ድሕንነቶም ነንባዕሎም ሓበሬታ ክለዋወጡ ኣይከኣሉን። ሓደ ፀብፃብ ከም ዝብሎ፣ ሓይሊ መብራህቲ ቅድሚ እቲ ውግእ ቅድሚ ሰሙን እዩ ተዓፅዩ፤ እዙይ ድማ ሰባት ነቶም ስዒቦም ዝመፅኡ ገበናት ከይቆርፁዎም ዓጊቱዎም እዩ፤ ምኽንያቱ ሽዑ ተንቀሳቓስቲ ስልክታቶም ሓይሊ ባትር ወዲኣን እየን ነይረን።[5]

እቲ ኣብ ሞንጎ ህ.ወ.ሓ.ትን ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝነበረ ጎንፂ ዕላዊ ስምምዕ ጠጠው ምባል ተፃብኦታት ክሳብ ዝተፈረመሉ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ቀፂሉ እዩ። ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ግን ሽዑ ጠጠው ኣየበለን። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ትግራይ ቀፂሎም እዮም፣ ኣንፃር ህዝቢ ብሑረ ትግራይ ድማ ተግባራት ገበን ምፍፃም ቀፂሎም ተባሂሎም እዮም።

ኣብቲ ጎንፂ ክልቲኦም ወገናት ገበናት ኲናት ከም ዝፈፀሙ፣ ከምኡ ድማ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን መላፍንቱ ሓይልታትን (ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ፋኖን ካልኦት ምልሻታትን) ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከም ዝፈፀሙ ብዕሊ ተፀብፂቡ እዩ። እዙይ ድማ ብዝተፈላለዩ ተወከልቲ ዓድታት፣ ዓለም-ለኸ ትካላትን ዘይመንግስታውያን ትካላትን ተረጋጊፁ እዩ። ንኣብነት፡-

- ሓላፊ ጉዳያት ወፃኢ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን፤
- ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ፤

---

[3] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ  ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 91 ("ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ፍሉይ ሃይሊ ዓፋርን ብፍሉይ ምስቲ ጎንፂ ብዝተተሓሓዘ ተረቑሖም ኣለዉ" ብዝብል ይድምድም)።

[4] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ  ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 90 (ዕጡቓትሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ትግራይ ንኽዋፈሩ ዝተፈረሙ ስሩዓት ስምምዓት ምህላዎም እኳ ቀፀልቲ ምፅራያት ዘድልዩ እንተኾኑ እቲ ኮሚሽን "[ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ]ን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ መሬት ናይ ጣምራ ወፍርታት ከምዘካየዱን ኲሉግዜ ናብ ከተማታትን ገጠራትን ኣብ ሓደ ግዜ ይኣትዉ ከምዝነበሩን ከረጋግፅ ክኢሉ እዩ" ብዝብል ይድምድም)።

[5] ዊል ብሮውን፣ "<u>ተዓዋታይ ሽልማት ሰላም ካብ ዝወልዖ ኲናት ዝሃድሙ ኢትዮጵያውያን ደድሕሪ ደብዳብ ቡንባ ብኻራሩ ወጊኦምና ኢሎም</u>" (ቴሌግራፍ፣ 14 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

- ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ዋኒናት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ምስ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ብሓባር ብምኧን፤
- ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂይማን ራይትስ ዎችን

ዳርጋ ብዘይስሩዕ ድማ፣ ሓደ ሓደ ፍሉጣት ውልቀሰባትን ጉጅለታትን እዞም ተግባራት እዚኣቶም ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ፅንተት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም እንዳበሉ እንዳኣጠንቀቑ ፀኒሖም እዮም።[6] ስለዝኾነ፣ እዚ ፀብፃብ ብፍሉይ እቶም ስምዕታታት ኣብ ስምምዕ ፅንተት ዝተደንገጉ ባእታታት ሕጊ ዘማልኡ ምኧኖም ክምርምር ዝዓለመ እዩ።[7]

እዚ ፀብፃብ እዙይ ሕዚ ብዘለዉ መረዳእታታት ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ተጋሩ ብምቕታል፣ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ብምብፃሕ፣ ብትልሚ ተጋሩ ክጠፍኡ ኣብ ዝኽእሉሉ ኩነታት ሕይወት ክኣትዉ ብምግባር፣ ተጋሩ ከይወልዱ ዝገብሩ ተግባራት ብምፍፃም ኣቢሎም ኣንፃር ተጋሩ ፅንተት ከምዝፈፀሙ ዘእምን ምኽንያታዊ መሰረት ኣሎ እዩ ዝብል ደምዲሙ እዩ። እዞም ተግባራት እዚኣቶም ከም ጉጅለ ንተጋሩ ከም ብሔራዊ ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንምጥፋእ ተሓሲቦም ዝተፈፀሙ እዮም።

ብተወሳኺ እዚ ፀብፃብ እንተነኣሰ እቶም ዝተወሰኑ ብሓደ ሓደ ውልቀ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ተቓሊሖም እዮም ዝተባህሉ መልእኽትታት ፅንተት ንኽፍፀም ቐጥታዊ ምልዕዓል ህዝቢ ተፈፂሙ ንምባል ዘኽእሉ መለክዕታት የማልኡ እዮም ኢልካ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያተዊ መበገሲ ኣሎ ዝብል ደምዲሙ እዩ።

## ምኽሪ ሓሳባት እዚ ፀብፃብ

**ብመሰረት ትንታነታት እዚ ፀብፃብ፣ ዓድታት፡-**

1.1. እንተነኣሰ ኣብ ኢትዮጵያ ኣንፃር ተጋሩ ፅንተትን ካልኦት ተዛመድቲ ገበናትን ከም ዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎን ነዞም ተግባራት እዚኦም ዝህሉ ተሓታትነት ከም ዓዲ ምስ ኢትዮጵያ ክተሓሓዝ ከም ዝኽእልን ኣፍልጦ ክህባ፤ ከምኡ ድማ፣

1.2. ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ንፅንተትን ነቶም ካልኦት ተግባራትን ተሓታቲት እንተዘይኮነት እውን እንተነኣሰ ግን እቶም ገበናት ኣብ ግዝኣታ ከይፍፀሙ ናይ ምክልኻልን ምስ ተፈፀሙ ድማ ናይ ምቕፃዕን ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ኣፍልጦ ክህባ፤

1.3. ምስ ኢትዮጵያ ሓዊሱ ምስ ዓድታት ዝህልወን ክልተኣዊ ዝምድናታት ምስዚ ኣብ ላዕላይ ዝተቐመጠ ነገራዊ ኹነታት ዝተሳነየ ክኸውን ክገብራ፤

1.4. ከከም ኣድላዩነቱ ብመሰረት ዓንቀፅ 9 ኣብ ቅድሚ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ መሰማዕታታት ምቕራብ ሓዊሱ ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ብውልቀአን ብዘለዉወን ግቡኣት መሰረት ብውልቀን ክወስዶኦም ዝግብኡወን ስጉምትታት ክወስዳ፤

---

[6] ሄለን ክላርክ፣ ሚካኤል ላፐስሊን ዴቪድ ኣልተንን፣ “ምልክታት ስግኣት ፅንተት ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዓለም ንምክልኻል ክትንቀሳቐስ ኣለዋ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 07 ሕዳር 2014 ዓ.ም)፤ ዴቪድ ቮሎድዝኮ፣ “ኣብ ትግራይ ፅንተት ይፍፀም ኣሎ፣ ግን ዝኾነ ሰብ ብዛዕብኡ ኣይዛረብን ዘሎ” (*ዘ ኔሽን*፣ 02 ጉንበት 2014 ዓ.ም)፤ ቤተ-መዘክር ፅንተት ኣይሁድ ኣሜሪካ፣ “ቤተ-መዘክር ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ዝለዓለ ሓደጋ ፅንተትን ጅምላዊ ጨፍጨፍን ከምዘሎ ኣጠንቂቑ” (05 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ፣ “ዝለዓለ ሓደጋ ፅንተት ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ኢትዮጵያ” (*ፎርብስ*፣ 06 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ጆፍሪ ዮርክ፣ “ሰብሞያ ኮሚቴ ተወከልቲ ህዝቢ ካናዳ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ፅንተት ምፍፃሙ ኣፍልጦ ክህብ ኣጥቢቖም ሓቲቶም” (*ዘ ግሎብ ኤንድ መይል*፣ 27 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ንዓለምለኸ ሕጊ፣ ፍትሕን ተሓታትነት፣ ሰለስተ ጋለብቲ ኩናት ትግራይ፡ ጅምላዊ ቕትለት፣ ፆታዊ ዓመፅን ግዱድ ጥሜትን (መስከረም 2016 ዓ.ም) ገፅ 76።

[7] ንኣብነት ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “[ኣብ ስርሑ ብዝነበሮ ሕፅረት ግዜን ገንዘብን ምኽንያት] ምኽንያታዊ ኮይኑ ኣብ መደምደምታ ክበፅሕ ከምዘይከኣለ እሞ ፍረ-ነገራትን ሕጋዊ ትርጉሞምን ብምሉእ ንምውሳን ተወሳኺ ምፅራይ ከምዘድልዮ ገሊፁ ነይሩ እዩ”፤ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 482 ተወከስ።

1.5. እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ብዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ወይ ብኻልእ ዝምችው ኣግባብ ዓለም-ለኻዊ፣ ናፃን ዘይሻራውን ምፅራይ ንኽግበረሎም ኣብ ዝህሉዉወም ሕብረ-ተዛምዶኣዊ መድረኻት ግቡኣት ስጉምትታት ክወስዳ፤ ከምኡ ድማ፣

1.6. ፅንተት ከምኡ ድማ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበናት ኲናትን ዝኣመሰሉ ተግባራትን ፈፂሞም ተባሂሎም ኣብ ልዕሊ ዝተጠርጠሩ ውልቀ ሰባት ብመሰረት ተፈፃምነት ዘለዎም ዘቤታዊ ሕግታተን ዓለም-ለኻዊ ስልጣን ዳይነት ኣብ ተግባር ከውዕላ ኣለወን።

መደምደምታታት እዚ ፀብፃብ ናይ ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢልካ ብዝስራሕ (ዴስክ ሪሰርች) መፅናዕትን ከምኡ ድማ ቀዳማይ ብርኪ ሓበሬታ ኢሉ እውን ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ዝርዝራት ክህቡ ምስ ዝኽእሉ ውልቀ ሳባት ብዝተገበረ ቃል-መሕትትን መሰረት ዝገበሩ እዮም። ናይ ቤትዕዮ መፅናዕቲ እንትብሃል ናይ ፍሉያት ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ መንግስታትን ዓለም ለኸ ትካላትን ፀብፃብ ምምርማር፣ ቅሉዓት ፍልፍላት ሓበሬታ (ምስልታት ሳተላይት፣ ቪድዮታትን ስእልታትን ዝሓውስ) ከምኡ ድማ ምሁራዊ ትንታነታት፣ ዓምድታት ዜናን ልጣፋት መርበብ ሓበሬታታትን የጠቓልል።

እዚ ፀብፃብ ዝተነፀሩ ዓለም-ለኸ ገበናት ከም ዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከም ዘሎ፣ ምስኡ ተዛሚዱ ድማ ፈፀምቲ ብውልቆም ክሕተቱ ዝኽእሉሉ ቀረባ ከም ዝኾነ ዝደምደመ እንትኸውን እዞም ተሓተትቲ ውልቀ ሳባት መንነቶም ንምንፃር ዝዓለመ ኣይኮነን። እኳ ደኣስ፣ እዚ ፀብፃብ ከም ዘቕርቦ ምኽሪ ሓሳብ ብናፃ ምፅራይ ገበን ክፍፀም ይግብኦ እዩ።

## ካልእ ፀብፃብ ንምንታይ? ንምንታይ ከ ሕዚ?

ዓለም ዛጊድ እኳ ወፂኣ እንተዘይኮይና፣ ካብ ውራይ ጎንፂ ትግራይ ትወፅእ እያ ዘላ። ከም ኲናት ዩክሬይንን ጋዛን ዝኣመሰሉ ሓደሽቲ ኲናታት ምስቶም ህፁፃት ዘይመስሉ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕልፋቶም ዘለዉ ትኹረት መውፃእቲ ፖሊሲ ንምርካብ ይሻመዩ እዮም ዘለዉ። ኮይኑ ግን ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነት የብሉን ዝብል ገምጋም ጥራሕ ወሳናይ ረቛሒ ክኸውን ኣይኽእልን። ሰብኣዊ መሰላት ንኹሉ ኣብ ኩሉ እዮም ዝሰርሑ፣ "ከይድገም" ዝብል መፅብዓ ድማ ብብርኪ ዓለም ክዕቀብ ኣለዎ። ብኹሉ ገፅ ዘለዉ ግዳያት ኲናት ትግራይ ዕድመ ልክዖም በሰልኦም ተሸኪሞም ክነብሩ እዮም። ውርሻ ዘይተፈትሐ በደል ድማ ሓዱሽ ወይ ዝደገሰ ጎንፂ እዩ ዝኸውን። ብጭቡጥ እውን ኣብ ካልኦት ክልላት ብረታዊ ጎንፂ ተመሊሱ ይቕፅል ኣሎ።

ኲናት ትግራይ ክሳብ ሕዚ ካብ ዝረኸቦ ንላዕሊ ሰፊሕ ዓለም ለኻዊ ትኹረት ከም ዘድልዮ ዘእምኑ ጭቡጣት ምኽንያታት ኣለዉ እዮም።[8] ዛጊድ ንስምዕታታት ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምጥላል ዝተገበሩ ፃዕርታት ውሑዳት እዮም። ብጭቡጥ፣ ንስሙ ኣብ ትግራይ ብ2015 ዓ.ም. ተፃብኦ ጠጠው ምስ በለ ዝተወሰዱ ምላሻት ፖሊሲ ብታህዋኽ ወፂእኻ ናይ ምኻድ ከምኡ ነቲ ከቢድ ግን ድማ ጠቓሚ ዝኾነ እንታይ ከም ዝተፈፀመ ሓቂ ናይ ምውፃእ ተግባር ሸለል ናይ ምባል ፈተነ ዘንፀባርቑ እዮም።

**ሰነ 2015 ዓ.ም፡ ምምሕዳር ፕረዚዳንት ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ባይደን ንባይቶ፣ ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደጊም ኣብ "ስልታዊ ፍፃመታት ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት" ኣይሳተፍን ዘሎ**

---

[8] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ዋኒናት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፣ ሰብ ሞያ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ቀፃሊ ምፅራይን ደገፍ ንግዳያትን ክግበር ፀዊዖም (ጋዜጣዊ መግለፂ፣ 12 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፤ ኬቲ በርተን፣ "ትግራይ፡ ዓለም ዝረስዓቶ ኲናት" (*ጂኦግራፊካል*፣ 02 ጥሪ 2016 ዓ.ም)፤ ላውረንስ ፍሪማን፣ 'ዝተረስዑ ኲናታት፡ ናይዚ ክፍለዘበን ደማዋት ኲናታት ኣብ ዩክሬይን ወይ ጋዛ ኣይኮኑን ዝካየዱ ዘለዉ' (*ኒው ስቴትስማን*፣ 19 ለካቲት 2016 ዓ.ም)።

**ክብል ኣፍሊጡ።[9] ከም ውፅኢቱ ድማ ኢትዮጵያ ተመሊሳ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካን ዓለምን ንልቓሕን ንኻልኦት ደገፋት ገንዘብን ብቕዕቲ ክትከውን ተፈቒዱላ።[10]**

ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ፣ ኣብ መጋቢት 2015 ዓ.ም፣ ሓላፊ ጉዳያት ወፃኢ ኣንቶኒ ብሊንከን "ኣብ ጎንፂ ሰሜን ኢትዮጵያ ኩሎም ወገናት ገበናት ኲናት ፈፂሞም እዮም" ከምኡ ድማ "ኣባላት [ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ]፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ሓይልታት ኣምሓራን ቅትለት፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ተግባራት ፆታዊ ዓመፅን፣ ምስቓይን ሓዊሱ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ፈፂሞም እዮም" ዝብል መግለፂ ሂቦም ኔሮም።[11] ቅድሚኡ፣ ብጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ድማ ኣምባሰደር ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ሊንዳ ቶማስ-ግሪንፊልድ "ክልተ ዓመት [ኣብ ዝወሰደ] ጎንፂ ማዕረ ፍርቂ ሚልየን ዝኸውን ዝህቢ - ፍርቂ ሚልየን - ሞይቱ እዩ፣ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ቀፃሊ ጃምላዊ ጨፍጨፍ ከጋጥም ዝኽእል ምዃኑ ብጣዕሚ የጨንቓ እዩ" ክብላ ገሊፀን ነይረን እየን።[12]

ኣብ ሰነ 2015 ዓ.ም. ግን ተሓታትነት ጋህዲ ካብ ምዃን ዝረሓቐ ኾይኑ። ብጭቡጥ ድማ ሓይልታት ኤርትራ ገበን ምፍፃም ቀፂሎምሉ ይባሃሉ ነይሮም። ኣቕርቦት ምግብን ካልኦት ሰብኣዊ ሓገዛትን ማዕረ ትካል ተራድኦ ዓለም-ለኸ ልምዓት ኤሜሪካን ትካል ምግቢ ዓለምን ናብ ትግራይ ቀፂሉ እውን ናብ ሙሉእ ኢትዮጵያ ብዓይነት ሓገዝ ምግቢ ኣይንገብርን ኢሎም ክሳብ ዘፍልጡ ብዝተዋደደ ወፍሪ ናብ ዘይምዓሉ ውዒሉ እዩ። ግን ከ ካብ ሚያዝያ 2015 ዓ.ም. ጀሚሩ ልዕሊ 1000 ምስ ጥሜት ዝተዛመዱ ናይ ሞት ሓደጋታት ተመዝጊቦም እዮም።[13]

**ነሓሰ 2015 ዓ.ም፡ ኮሚሽን መሰላት ሰባትን ህዝብታትን ኣፍሪካ ኣጣይሹዎ ንዝነበረ ኮሚሽን ምፅራይ ኩነታት ክልል ትግራይ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ (ኮሚሽን ምፅራይ) ብዕሸሉ ዘበን ስርሑ ኣቋሪፁዎ።[14]**

ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፣ "ፀብፃባት ሕክምና መላእ እቲ ክልል ፆታዊ መጥቃዕቲ ነቲ ማሕበረ-ሰብ ንምፍርራሕን ንምርዓድን ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ከም ዝቐፀለ ኣርእዮም።"[15] ዕላማ እቲ [ኮሚሽን ምፅራይ] "ቀንዲ ምኽንያት እቲ ጎንፂ ንምንፃር፣ ጥሕሰታት ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላትን ዓለም-ለኸ ሕግታት ሰብኣውንትን ንምፅራይ፣ ከምኡ ድማ ፈፀምቲ ፈሊኻ ፍትሕን ተሓታትነትን ንምርግጋፅ" እዩ ነይሩ።[16]

**ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም፡ ኮሚሽነር ሕብረት ኤውሮጳ ዩታህ ኡፒላሂነን ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ከም ኣካል ፃዕርታት ምምላስ ስሩዕ ርክብ ንኢትዮጵያ 680 ሚልየን ዶላር ሓገዝ ብምስላዕ "ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ቁጠባዊ ውህደት ንምምፃእ" ኢትዮጵያ "ዘላቒት መሓዛ" ከም ዝኾነት ኣመላኺቶም።[17] እዚ ሓገዝ ቅድም ክብል እቲ ጎንፂ እንትጅምር ተቛሪፁ ዝነበረ እዩ።[18]**

---

[9] ኒኮል ዊደርሸይም፣ "መን እታይ ገይሩ ንምንታይ ይበሃል? ውራይ ኢትዮጵያን ሓይሊ ድምዳመ ጨፍጨፍ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካን" (*ጀስትሴኩሪቲ*፣ 13 ሓምለ 2015 ዓ.ም)።

[10] ሮቢ ግሬመር፣ "ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስያመ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣልዒላ" (*መፅሔት ጉዳያት ወፃኢ*/ፎሬይን ፖሊሲ፣ 22 ሰነ 20215 ዓ.ም)።

[11] ክፍሊ ጉዳያት ወፃኢ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ፣ "ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዓሌትን ኣብ ኢትዮጵያ" (ጋዜጣዊ መግለፂ፣ 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም)።

[12] ኣብ ውራይ ኢትዮጵያ ድሕሪ ዝተኻየደ ዕፁው ኣኼባ ቤትምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት ሃገራት ብኣምባሳደር ሊንዳ ቶማስ-ግሪንፊልድ ዝተዋህበ መብርሂ (ኒው ዮርክ፣ 02 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም.)።

[13] ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ  ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 48።

[14] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ ዘበን ስራሕ ኮሚሽን ምፅራይ ኩነታት ክልል ትግራይ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ብዕሸሉ ብዛዕማ ምቁራፁ ዘለዉ ስኽፍታታት (25 ነሓሰ 2016 ዓ.ም)።

[15] ሳራ ጆንሰንን ሉሲ ካሳን፣ ስምምዕ ሰላም ምስተገበረ ድሕሪ ኣዋርሕ ፆታዊ ዓመፅ ከምመሰርሒ ኲናት ይቕፅል ኣሎ (*ዘ ጋርድያን*፣ 19 ነሓሰ 2015 ዓ.ም)።

[16] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ ዘበን ስራሕ ኮሚሽን ምፅራይ ኩነታት ክልል ትግራይ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ብዕሸሉ ብዛዕባ ምቁራፁ ዘለዉ ስኽፍታታት (25 ነሓሰ 2016 ዓ.ም)።

[17] ማያ ምስክር፣ "ሕብረት ዔውሮጳ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ርክብ ናብ ንቡር ንምምላስ ተንቀሳቒሱ፣ 680 ሚልየን ዶላር ሓገዝ ሰሊዑ ኣሎ" (*ድምፂ ኤሜሪካ*፣ 23 መስከረም 2016 ዓ.ም)::

[18] ሮይተርስ፣ "ሕብረት ኤውሮጳ ንኢትዮጵያ ክህቦ ዝነበረ 680 ሚልየን ዶላር ሓገዝ ከምዘፅንሖ ገሊፁ" (*ሮይተርስ*፣ 22 መስከረም 2016 ዓ.ም)።

ብጨቡጥ እውን ብጥሪ 2015 ዓ.ም. ሚንስትራት ጉዳያት ወፃኢ ጀርመንን ፈረንሳይን ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረን ምብፃሕ ንዝተፈፀሙ መጠነ-ሰፋሕቲ ጥሕሰታት ተሓታትነት ክረጋገፅ ፀዊዖን ነይረን - ስለዙይ፣ ምርግጋፅ ተሓታትነት ንምምላስ ሰናይ ርክብ ሕብረት ኤውሮጳን ኢትዮጵያን ከም ቅድመ-ኩነት ተቐሚጡ ነይሩ።[19] ብመስከረም 2016 ዓ.ም. ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ካልኣይ ፀብፃቡ ዘሕተመ እንትኸውን "እቲ መንግስቲ 'ንጥሕሰታት ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ከም ዘየፃረየ' ከምኡ ድማ 'ዘይምዕሩይ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ከም ዝጀመረ' ኣረጋጊፁ እዩ።"[20] ናፅነት እቲ ንመስርሕ ተሓታትነት ዝተጣየሸ ጉጅለ ስራሕ ሰብ ሞያ ፍትሒ ስግግር ብዙሓት ስኽፍታታት ፈጢሩ እዩ። ኢትዮጵያ ኣፋረቕካ ናይ ምፍፃም ስትራተጂ ከም ዝሓንፀፀት ተገሊፁ እዩ። እዙይ እንተበሃል እቶም ናይ ውሽጢ ዓዲ መስርሕን ከይድን ዓለም-ለኸ ትኹረትን ምፅራይን ንምኹላፍን ንምዕጋትን ከም ዝተጣየሹ ንምግላፅ እዩ።[21] ሰብ ሞያ ጉጅለታት ብናፃ ክዛረቡ ዘይኽእሉ "ዝተጨቀነ ሃዋህው" ምፍጣር ሓዊሱ እቲ ውሽጣዊ ከይዲ ዓለም-ለኸ መለክዕታት ከም ዘየማልእ ስኽፍታታቶም ገሊፆም እዮም።[22]

ንልዕልና ሕግን ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላትን ቖዳምነት ከም ዝህብ ሕብረት መጠን፣ ሕብረት ኤውሮጳ ብዛዕባ ቀፀልቲ መሓዙቱ ስምዕታታት እንትቕርቡ ከፃሪ፣ ከምኡ ድማ ንምትሕብባር ዝተቐመጡ መለክዕታት ብኣግባቡ ዝተፈፀሙ ምዃኖም ከፃሪ ግቡኡ እዩ።

**ጥሪ 2016 ዓ.ም፡ ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ኣብይ ኣህመድ ኣብ "ልምዓት ገጠርን ምዕባለ ቑጠባን ኢትዮጵያ ንዝገበሮ ኣስተዋፅኦ" ብዋና ዳይሬክተር ትካል ምግብን ሕርሻን ዝወሃብ ዝለዓለ ሽልማት ሜዳልያ ኣግሪኮላ ተሸሊሙ።[23]**

ግን ድማ፣ ኣብ ግዜ ኲናት ካብ ትግራይ ዝወፅኡ ፀብፃባት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ (ምስ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብምትሕብባር) ንተጋሩ ናብ ጫፍ ዓፀቦ ዘብፅሑዎም ምህርቲ ንምዕናውን ናብ ግራውቲ ባርዕ ንምስዳድን ዝዓለሙ ትሉማት ተግባራት ከም ዝተፈፀሙ ዘረጋግፁ እዮም። ብግምት፣ ክሳብ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም. ካብ 96,000 ክሳብ 218,000 ዝኾኑ ተጋሩ ብዓፀቦ ሞይቶም ይኾኑ እዮም።

**ሕዚ እውን እተኾነ**፣ ከም ቀጥታዊ ውፅኢት ዕንወት ኣእኻልን ኣዝመራን፣ ከምኡ ድማ ሓረስቶት ካብ መሬቶም ዝተመዛበሉ ብምዃኖም ምኽንያት ሚልየናት ኢትዮጵያውያን ኣብ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ሓዊሱ ንስእነት ውሕስና ምግቢ ተቓሊፆም ይርከቡ። ድሕሪ እቲ ጎንፂ እውን እንተኾነ፣ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንሕይወት ኣድላዪ ዝኾነ ሓገዝ ምግቢ ካብ ትካል ምግቢ ዓለምን ትካል ዓለም-ለኻዊ ልምዓት ኤሜሪካን ኣብ ዘይምውዓሉ ከም ዘውዓሉ ስምዕታታት በርኪቶም ቀፂሎም ኣለዉ።[24]

እቲ ኣብ ሞንጎ ፌዴራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ህ.ወ.ሓ.ት.ን ዝነበረ ጎንፂ በቲ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ዝተፈረመ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት ተዛዚሙ ክበሃል ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ እቲ ዛዕባ ትኹረት ዓለም ዘድልዮ ኮይኑ ክቕፅል ከም ዘለዎ ዘረጋግፁ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ።

---

[19] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ "ፈረንሳይን ጀርመንን ኢትዮጵያ ድሕሪ ኲናት ተሓታትነት ክተረጋግፅ ብህፁፅ ፀዊዐን" (*ዜና ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 04 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[20] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ "ፀብፃብ ዓለም 2016፡ ኢትዮጵያ፡ ክስተታት 2015" (ጥሪ 2016 ዓ.ም)።

[21] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፣ ሰብሞያ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ቀፃሊ ምፅራይን ደገፍ ንግዳያትን ክግበር ፀዊዖም (ጋዜጣዊ መግለፂ፣ 12 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[22] ጁሊያ ክራፈርድ፣ "ዝተዛብዐ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ" (ጀስቲስ ኢንፎ፣ 08 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[23] ላቲሽያ ባደር፣ "ንቐዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝተዋህበ ሽልማት ምግቢ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ግዜ ውግእ ንዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሸለል ዝበለ እዩ" (*ሂዩማን ራይትስ ዎች*፣ 21 ጥሪ 2016 ዓ.ም.)።

[24] ጁሊያ ፓራቪቺኒ፤ "ድሕሪ ምጥፍፋእ ሓገዝ ምግቢ ትካል ሕቡራት ሃገራት ኣሰር ሕቡራት ምንግስታት ኤሜሪካ ስዒቡ ሓገዝ ምግቢ ጠጠው ኣቢሉ" (ሮይተርስ፣ 02 ሰነ 2015 ዓ.ም.)።

ቐዳማይ፣ ከምቶም መጉዳእትታትን ሳዕቤናትን እቲ ጎንፂ፣ ኣብ ትግራይ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ቀፂሎም ይረኣዩ ኣለዉ።[25] ካልኣይ፣ ስማዊ ምቁራፅ ተፃብኦ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ጎንፂ የለን ማለት ኣይኮነን። ሕዚ፣ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ክልላት ኦሮሚያ፣ ኣምሓራን ዓፋርን (ቅድም ክብል ኣብ ቃልሲ ፀረ-ህ.ወ.ሓ.ት. መሻርኽቲ ኣብ ሞንጉ ዝነበሩ)[26] ጎንፂ ተወሊዑ ኣሎ። እዙይ መዓዝ እዩ ክውዳእ?

ንስምዕታታት ጥሕሰታት ዓለም-ለኸ ሕጊ ንዘገድሾም ማሕበረ ሰብ መውፃእቲ ፖሊሲ፣ ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ኸይዲ ከይቕፅል ዝግበር ዘሎ ንድሕሪት ናይ ምምላስ ተግባር ትኹረት ክግበሮ ዘለዎ እዩ። ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ በጀት ከይምደቦ ዝተገበረ ዕዉት ለበዋ ዓብዪ መጨነቒ ምኽንያት እዩ።[27]

ብተመሳሳሊ፣ ኢትዮጵያ ነዞም ዝተገለፁ ስራሕቲ ምፅራይ ሓቂ ምሕላፍ ከም ዝኸልኣት ተገሊፁ እዩ። ስቴቨን ራንተር፣ ኣቦ ወንበር ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዝበሎ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ንምትሕብባር ፍቓደኛ ኣይነበረን፣ ከምኡ ድማ ንስራሕቲ እቲ ኮሚሽን ብሰብ ሞያ እቲ ኮሚሽን ተቐባልነት ዘይብሎም ቅድመ-ኩነታት ከቕምጥ ፈቲኑ ነይሩ እዩ።[28] ደሓር ድማ፣ ኢትዮጵያ "ንፀብፃብ እቲ ኮሚሽን 'ጎንፂ ዘጓሃህር' ከምኡድማ 'ዳልዋ ዘለዎ' ብምባል ነፂጋቶ እያ።"[29]

ሓደ ሓደ ዝግለፁዎ እንትነኣሰ ዝተወሰነ ክፋል ዓለም-ለኸ ሕጊ ገበን ኣብ ቀፃሊ ብሕግታት ውሽጢ ዓዲ ክርአ እዩ ይበሃል እዩ። እዙይ ዝሰርሕ ግን ዓድታት ፍትሓዊ፣ ዘይሻራዊ፣ ግሉፅን ከይዲ ተሓታትነት ንኽካይዳ ፍቓድን ዓቕምን እንተሃሊዩወንን ከከም ኣድላዪነቱ ምፅራይ ናብ ውፅኢታዊ ክሲ ገበን ክመርሕ ዝኽእል እንትኾውንን ጥራሕ እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ እዙይ ዝኾውን ኣይመስልን። ከምቲ ጉጅለ ስራሕ ሰብ ሞያ ፍትሒ ስግግር ኢትዮጵያ ዘቐመጥዎ ሃገራዊ ዋንነት ናይቲ ኸይዲ ኣድላዪ ኮይኑ፣[30] "ከላሽናት ሱቕ ክብሉ እንተዘይተገይሮም"[31] ከምኡ ድማ ግዳያት ክስምዑን ብግልፂ ክዛረቡ ከም ዝኽእሉን እምነት ከሕድሩ ክሳብ ዘይከኣሉ ተሓታትነት ክረጋገፅ ኣይኽእልን።

ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ፍትሒ ከም ዝነግስ ምርግጋፅን፣ ፍትሒ ዝነግስ መሲሉ ክርአ ምግባርን ኣገዳሲ እዩ።

> **"ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ሚልየናት ግዳያት ጎንፂ ትሕቲ እዙይ ካልእ ኣይግብኦምን።"**
>
> - መሓመድ ቻንዴ ዑስማን፣ ኣቦ መንበር ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ[32]

## ተፈፃምነት ዘለዎ ሕጊ

እዚ ፀብፃብ ንርክብ ሃገራት ዘመሓድር ብሔራዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ ከምኡ ድማ ንውልቀ ተሓታትነት ፈፀምቲ ገበን ዝምልከት ዓለም ለኸ ሕጊ ገበን ትኹረት ገይሩ እዩ ተዳልዩ።

ኢትዮጵያ እውን ፈራሚት ኣባል ዝኾነትሉ ስምምዕ ፅንተት ኣብ ዓንቀፅ 1 ከምዚ ዝስዕብ ይድንግግ፡-

---

[25] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 2።

[26] ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ" (03 መስከረም 2016 ዓ.ም)፤ ሓጉ/ጉሰመ/54/55፣ ዓንቀፅ 1።

[27] [ኣዲስ ስታንዳርድ]፣ ኢትዮጵያ ንጉጅለ ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ገንዘብ ከይምደብ ንኻልኣይ ግዜ ዝገበረቶ ፈተነ ኣይሰለጣን (*ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 22 ታሕሳስ 2015 ዓ.ም.)።

[28] ጁሊያ ክራፈርድ፣ "ዝተዛብዐ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ" (*ጀስቲስ ኢ ንፎ*፣ 08 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[29] ጁሊያ ክራፈርድ፣ "ዝተዛብዐ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ" (*ጀስቲስ ኢ ንፎ*፣ 08 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[30] ታደሰ ስሜ መተኪያ፣ "ፍትሒ ስግግር ኢትዮጵያ ቀፃፂኻ ምፍፃም ድዩ?" (ኣይ.ኤስ.ኤስ. ቱደይ፣ 27 ጥሪ 2016 ዓ.ም)።

[31] ታደሰ ስሜ መተኪያ፣ "ፍትሒ ስግግር ኢትዮጵያ ቀፃፂኻ ምፍፃም ድዩ?" (ኣይ.ኤስ.ኤስ. ቱደይ፣ 27 ጥሪ 2016 ዓ.ም)።

[32] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰብሞያ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ቀፃሊ ምፅራይን ደገፍ ንግዳያትን ክግበር ፀዊዖም (ጋዜጣዊ መግለፂ፣ 12 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

> *ፅንተት፣ ኣብ ግዜ ሰላም ይፈፀም ኣብ ግዜ ኲናት፣ ኣንፃር ዓለም-ለኸ ሕጊ ዝፍፀመ ገበን እዩ፤ ነዚይ ድማ [ፈረምቲ ዓድታት] ንኽከላኸልኦን ንዝፍፅሙ ክቐፅዓን ቃል ኣትየን ኣለዋ።*

ዓንቀፅ 2 ድማ ትርጉም እቲ ገበን ይዝርዝር፡-

> *ፅንተት እንትባሃል እዞም ዝስዕቡ ንዝኾነ ብሔር፣ ዓሌት፣ ዘርኢ ወይ ሃይማኖት ከም ጉጅለ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ንምጥፋእ ዓሊሞም ዝፍፀሙ ተግባራት ይገልፅ፦*
>
> (ሀ) *ንኣባላት እቲ ጉጅለ ምቕታል፤*
>
> (ለ) *ንኣባላት እቲ ጉጅለ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ምብፃሕ፤*
>
> (ሐ) ዝተተለመ ኣብ ልዕሊ እቲ ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ኣካላዊ ጥፍኣት ክበፅሖ ዝኽእለሉ ኩነታት ሂወት ክወርዶ ምግባር፤
>
> (መ) ኣብ ሞንጎ ኣባላት እቲ ጉጅለ ወሊድ ከይህሉ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራት ምፍፃም፤
>
> (ረ) ውሉዳት እቲ ጉጅለ ብሓይሊ መንጢልካ ናብ ካልእ ጉጅለ ምትሕልላፍ።

ዓለም ለኸ ሕጊ ገበን ኣብ ዓለም ለኻዊ ልማዳዊ ሕጊ ዘሎ ከምኡ ድማ ኣብ ስምምዕ ፅንተት ዝተቐመጠ ትርጉም ፅንተት ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ስምምዕ ብቐንዱ ተቐቢሉ እዩ። ሕጋገ ሮማ ንዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ሓደ ሓደ ቴክኒካዊ ባእታታት ክማልኡ ይሓትት እዩ፣ ኮይኑ ግን ነዚ ፅብፃብ እዙይ ኣግባብነት ዘለዎም ኣይኮኑን።

ኣብ ተግባር፣ ስነ-ፍርዲ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበንን ናይቶም ግዝያዎት ኣብያተ ፍርድን (ናይ ቀደም ዮጎዝላቪያ፣ ዓለምለኸ ግዝያዊ ቤትፍርዲ ገበን ዩጎዝላቪያ፣ ከምኡ ድማ ሩዋንዳ፣ ዓለም-ለኸ ግዝያዊ ቤትፍርዲ ገበን ሩዋንዳ) ኣብ ስምምዕ ፅንተት ዝተደንገጉ ግቡኣት ከመይ ከም ዝትርጎሙ ኣንፈት ክህቡ ይኽእሉ እዮም። እዙይ ኮይኑ፣ ምስ ስምምዕ ፅንተት ተታሓሒዙ ኣብ ዝለዓሉ ሕቶታት ትርጉም ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣብ ዋኒናት ሕጊ ብውሳነታት እዞም ኣብያተ ፍርድን ግዝያዊ ኣብያተ ፍርድን ገበን ተገዛኣይ ኣይኸውንን። ከም ውፅኢቱ ድማ፣ ስነ-ፍርዲ እዞም ኣብያተ ፍርድን ግዝያዎት ኣብያተ ፍርድን ገበን ኣግባብነት ዘለዎምን ዘእምኑን እኳ እንተኾኑ ኣብ ዋኒናት ፅንተት ገዛእቲ ዝኾኑ ግን ብዓም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ዝተዋህቡ ትርጓመታት ሕጊ እዮም።

ንገበን ፅንተት ክማልኡ ዝግብኦም ባእታታት ሕጊ፡-

→ **ኣብ ክፋል 5 - ሀ - 1. ብሔራዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ፣ ከምኡ ድማ 2. ዓለም-ለኸ ሕጊ ገበን ኣብ ዝምልከቱ ክፋላት እዚ ፅብፃብ ተዘርዚሮም ኣለዉ።**

ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ክማልኡ ዝግብኦም ባእታታት ሕጊ፡

→ **ኣብ ክፋል 6 - ሀ እዚ ፅብፃብ ተዘርዚሮም ኣለዉ።**

ንገበናት ኲናት ክማልኡ ዝግብኦም ባእታታት ሕጊ፡-

→ **ኣብ ክፋል 7 - ሀ እዚ ፅብፃብ ተዘርዚሮም ኣለዉ።**

## ኣብዚ ፅብፃብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሚዛን መረዳእታ

### ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ

ካልእ እንተዘይተገሊፁ ኣብ መደምደምታ ንምብፃሕ እዚ ፀብፃብ ዝተጠቐመሉ ሚዛን መረዳእታ "ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ" ዝብል መለክዒ **እዩ።** እዙይ እንትብሃል እቲ እምነት "ንሓደ ትኩርን ጥንቁቕን ተዓዛባይ እቲ ክስተት ወይ ዋሕዚ ፍፃመ ከም ዝተፈፀመ ብምኽንያታዊ ብርኪ ርግፀኝነት ኣብ ዝእምኑ" ጮቡጣት ምኽንያታትን ሓበሬታታት ፍረ-ነገርን ዝድረኽ እዩ።[33]

እዙይ ብዓቃቢ ሕጊ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ስራሕቲ ምፅራይ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል ሚዛን ተመሳሳሊ እዩ (ዓንቀፅ 53(1)(ሀ)፣ ሕጊ ሮማ)። ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ[34] ከምኡ ድማ ጉጅለ ምፅራይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግሰታትን[35] ምስ ዝተጠቐሙሉ ሚዛን መርትዖ እውን ተመሳሳሊ እዩ።

## ርኽበታት ሕጊ

እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ኣብቲ ምሉእ ፀብፃብ ዘለዉ ርኽበታት ምጥቃስ እውን ሓዊሱ ቐንዲ ርኽበታት እዚ ፀብፃብ ዘርዚሮም ኣለዉ።

### ዘርኢ ፅንተት ዝምልከቱ ርኽበታት

#### "...ንተጋሩ ን100 ዓመታት ክንድምስሶም..."

#### ኣንፃር ተጋሩ ዘርኢ ፅንተት ምፍፃሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

ፅንተት ንኻልኦት እውን ሓዊሱ ንጉጅለታት ዓሌት ካብ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ካብ ምጥፋእ ይከላኸል። እዞም ጉጅለታት ኣባላቶም ብሓበራ ብዝውንኑዎም ከም ባህልን ልሳንን ዝኣመሰሉ ኣወንታዊ ባህርታት ዝግለፁ እዮም። ርእሰ-ምልላይ እውን ኣገዳሲ እዩ። እዚኣቶም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ተጋሩ ብሔር ዝብል መፀውዒ የማልኡ እዮም ንምባል ዘኽእሉ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ።

እቶም ኣብ ትግራይ ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባር ተሳቲፎም እዮም ተባሂሎም ዝተረቑሑ ሰለስተ ቐንዲ ተዋሳእቲ ዕጡቓት ሓይልታት ፌደራል ኢትዮጵያ፣ ክልላውያን ዕጡቓት ሓይልታት ኢትዮጵያ (ከም ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ነዚ ፀብፃብ እዙይ ብፍሉይ ትኹረት ዘድልዮም፣ ከምኡ ድማ ከም ፍሉይ ሓይሊ ዓፋርን ካልኦት ዝኣመሰሉ)፣ ከምኡ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን እዮም።

ኣብ ላዕላይ ከም ዝተሓበረ፣ እዚ ፀብፃብ ዓለም-ለኸ ገበናት ተፈፂሞም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ ዶ ንዝብል ጮብጢ ዝመርመረ እንትኸውን ሓሳብ ወይ ተግባር ፍሉያት ውልቀ ሰባት ዝምልከት ኣብ መደምደምታ ኣይበፅሐን።

#### ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ዝምልከቶም ሰብ መዝነትን ንዓሌት ተጋሩ ከም ጉጅለ ንምፅናት እቲ ዝድለ ፍሉይ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

---

[33] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 6፤ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ(ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኽሎም ወገናት ተፈፂሚምም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 10.

[34] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 6

[35] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኽሎም ወገናት ተፈፂሚምም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ *ዓንቀፅ 9-10*

ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣንፃር ተጋሩ ፅንተት ምፍፃሞም ዘእምን ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። እዙይ እንትባሃል ግን እዙይ ንኽፍፀም ስሩዕ ትልሚ ነይሩ እዩ ወይ ድማ ኣብቶም ተግባራት ላዕለዎት ሰብ መዚ ተሳቲፎም እዮም ብምባል ኣይኮነን።

እንተነኣሰ ሓደ ሓደ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ወይ ድማ ምስ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝዛመዱ ሰላማውያን ሰብ መዚ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ወይ ምስ ምልሻ ወይ መንግስቲ ክልል ኣምሓራ ዝዛመዱ ሰላማውያን ሰብ መዚ፣ ከምኡ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሕድሕዶም ንተጋሩ ከም ብሔራዊ ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ዘእምን ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብልፍንቲ ከም ዝተዋፈሩ እኹል መርትዖ ዘሎ እንትኸውን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብስሩዕ ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ኣይተጠርነፉን ነይሮም። ስለ ዝኾነ፣ ምስ እዞም ጉጅለታት ምስ ሕድሕዶም ዝተሓሓዝ ፅንተት ናይ ምፍፃም ሓሳብ ምህላዉን ዘይምህላዉን ምሕታት ግቡእ እዩ።

እዚ ሓሳብ ንምርግጋፅ ዘድሊ ተጋሩ ከም ብሔራዊ ጉጅለ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ዘረጋግፅ መረዳእታ እምበር ዝኾነ ሰብ *ንምንታይ* እዩ ከጥፈኦም ዝደሊ ዝብል ምኽንያት ኣይኮነን።

ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ህ.ወ.ሓ.ት. ናብ ተጋሩ ናብ ኩሎም ስለ ዘፀግዕዎ ተጋሩ ክጠፍኡ ዝግብኦም ፀላእቲ ተገይሮም ተነፂሮም እዮም። ስለ ዝኾነ፣ ወከልቲ ኢትዮጵያ ንተጋሩ ንምግላፅ ከም *ጁንታ፣ ወያኖ፣* ከምኡ ድማ *ዓጋመ* ዝኣመሰሉ ናይ ምንሻው ቃላት ይጥቀሙ ነይሮም፤ ከምኡ ድማ "ካንሰር"ን "ፅህያይ"ን ብዝብሉ ቃላት እውን ይገልፅዎም ነይሮም እዮም።

ላዕለዎት ኣባላት መንግስትን መቓርብቶም ዝኾኑ ውልቀ ሰባትን እውን "ንተጋሩ ን100 ዓመታት ናይ ምጥፋእ" ሓሳቦም ከም ዝገለፁ፣ ኣብ ኢትዮጵያ "ፅህያይ ብልፍንቲ እዩ ዝፀሀ" ከም ዝበሉ፣ ከምኡ ድማ "ወያነ-ነት" (ትግራዋይነት) ከም "ኣካል"ን ከም "ሓሳብ"ን ክፅረግ ዝግብኦ "ሕማም" ከም ዝኾነ ከም ዝገለፁ ተጠቒሶም እዮም።

> **"ካብ መዛግብቲ ታሪኽ ክድምሰሱን ክጠፍኡን ኣለዎም። ብዛዕብኦም ከፅንዕ ዝደሊ ሰብ ብዛዕብኦም ዝኾነ ነገር ክረክብ የብሉን። ምናልባት መሬት ብምኹዓት ብዛዕብኦም ክረክብ ይኽእል ይኸውን።"**
>
> - ኣማኸሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ቀዳማይ ሚኒሰቴር፣ ዳንኤል ክብረት

ብፍላይ ነበር ላዕለዋይ ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ ፔካ ሃቪስቶ፣ ናይ ሎሚ ሚንስትር ጉዳያት ወፃኢ ፊንላድ፣ ምስ ቀዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ኣሕመድን ካልኦት ሚንስትራትን ኣብ ዝነበሮ ዕፁው ኣኼባ "ንተጋሩ ን100 ዓመታት ክድምሱዎም ከም ዝኾኑ" ተሓቢሩዎ እዩ። እዞም ሓሳባት ብጣዕሚ መጨነቕቲ እዮም።[36]

መብዛሕትኦም መዋረድቲ መግለፅታት ንህ.ወ.ሓ.ት. ዝገልፁ እኳ እንተነበሩ፣ እዞም ሪእይቶታት ንተጋሩ ከም ጉጅለ ዝረቑሑ ከም ዝኾኑ ምርዳእ ይከኣል እዩ። ብርግፅ እውን፣ ሓደ ነበር ካቢኔ ሚንስትር **"ንሳቶም [ብዙሓት ኢትዮጵያውያን] ናይ ዓሌት ባእታ ናይቲ ኩናት ቐንዲ ኣካል ከም ዝኾነ ይኽሕዱ እዮም። ኣብ ሞንጎ ህብቢ ትግራይን ህ.ወ.ሓ.ትን ዘሎ ኣፈላላይ ምርኣይ ጠጠው ኣቢሎም እዮም"** ዝብል ዝገለፆ ተቐሪፁ እዩ።

---

[36] ካራ ኣና፣ "ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንተጋሩ 'ከምዝድምስሱዎም' ተሓንዮም" (*ዳሶኼትድ ፕረስ*፣ 11 ሰነ 2013 ዓ.ም.)።

እዚ መግለፂ ንሸሙ ነፃ እንተኾነ እውን ተመሳሰልቲ ሓሳባት ዝደግምን ዘብራህርህን ብዝነበረ ናይ መቓልሕ መራኸብቲ ሓፋሽ ተጋዊሑ እዩ። እዙይ ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ እውን ኣብ ሞንጎ ወተሃደራት ("ትግራይ ክትፀሪ ኣለዋ" ከምኡ ድማ "ተጋሩ ጁንታ እዮም" ዝብሉ ሓሳባት ዝገልፁ ዝነበሩ) ከምኡ ድማ ኣብ ተራ ሓፋሽ (ሓንቲ ተኻራዪት ብስድራ መካረዪኣ "ጁንታ" ተባሂላ ተንገላቲዓ፣ እንድሕር ዘይለቒቓ ድማ ብኻራ ከም ትውጋእ ተፈራሪሓ እያ) ተንፀባሪቑ እዩ።

ንኣብነት ከድር ጁሃር ከንቲባ ድሬዳዋ (ልዕሊ 440,000 ነበርቲ ዘለዉዋ ካብ ኣዲስ ኣባባ ብተወሳኺ ኣብ ኢትዮጵያ ዘላ ብሕታዊት ምምሕዳር ከተማ) ኣብ ብሔራዊ ቴሌቪዥን "ተጋሩ ካብ ዲያብሎስ ዝኸፍኡ እዮም" ኢሉ ክካታዕ ከም ዝተሰምዐ ተሓቢሩ እዩ።

ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ፀለመ ብዕሊ ምፍፃሙ ድማ ምንግልታዕን ጥሕሰትን ንኽስፋሕፋሕ ደፋፊኡ እዩ። ከም ዝፍለጥ፣ ተጋሩ ኣብ ኣብያተ ፅሕፈት ሚንስትራት፣ ኣብ ሰራዊት፣ ኣብ ፀጥታን ፖሊስን ኣብ ካልኦት መሓውራት ስራሕ መንግስቲ ካብ ዝነበሮም ስራሕ ተባሪሮም እዮም። ተጋሩ ሰራሕተይናታት ዝነበሩዎም ትካላት ንግዲ ወይ ተዓፅዮም እዮም ወይ ድማ ኣብ ስራሕቶም ጣልቃ ተኣትዩዎም እዩ።

እገዳታት ጉዕዞ ተነቢሮም ነይሮም እዮም። ተጋሩ ድማ በቢግዚኡ ምህላዎም ኣብ ፖሊስ ቀሪቦም "ከረጋግፁ" ይግደዱ፣ እዙይ እንተዘይፈፂሞም ድማ ከም ዝእሰሩን ካልኦት መልክዓት ምንግልታዕ ከም ዝበፅሑዎምን ይፈራርሑ ነይሮም። ተጋሩ ብተደጋጋሚ ጠጠው ክብሉ ተገይሮም ይፍተሹ ነይሮም፤ ገዛውቶም ድማ ብዘይመፈተሺ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ይፍተሹ ነይሮም። ትግርኛ ደርፊ ዘዘውትሩ ኣብያተ መስተን ካልኦት መድረኻት ሓፋሽን ኣብ ዒላማ ኣትዮም ነይሮም፣ ብዙሓት ድማ ተዓፅዮም እዮም።

ነቲ ከም ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ክጠፍኡ ዝተትሓዘ ሓሳብ ብቐፃልነት ዘርእዩ ገበናት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ተፈፂሞም እዮም። እዙይ ድማ ኣብ ነፀብራቕ እቲ ኣብ ላዕላይ ዝተገለፀ ዓመፅ ዝመልኦ መግለፂ ተራእዩ እዩ፤ ብወታሃደር ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተደፈረት ሓንቲ ሰበይቲ "ንትግራይን ንኹሎም ተጋሩን ክነጥፍኦም ኢና" ተባሂላ እያ። እዞም ምፍርራሓት ንዓበይቲ ጥራሕ እንተይኮኑ ንህፃናት ቆልዑ እውን ተነጊሮም እዮም። እዙይ ገበናት ኣብ ዝተፈፀሙሉ ኣግባብ እውን ተንፀባሪቑ እዩ፤ ንኣብነት ንተጋሩ ፈሊኻ ግዳያት ምግባር። ተጋሩ ካብ ትግራይ ክወፅኡ እንትፍትኑ ኣብ ሓደ ሓደ ኣጋጣሚታት ክሃድሙ እንትፍትኑ ተቐቲሎም እዮም፣ ወይ ድማ ተገዲዶም ተመሊሶም ግዳያት በደል ክኾኑ ተገይሮም እዮም።

ኣብ ጎንፂ ትግራይ ሓገዝ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንምርካብ ዝተወሰደ ስትራተጂካዊ መማረፂ እውን ብዙሕ መልእኽቲ ዘሕልፍ እዩ። ቅድም ክብል ኤርትራ ፀላኢት ወይ መነሓንሕቲ ኢትዮጵያ ኮይና መሻርኽቲ ክትከውን ዘይሕሰብ ዝነበረ እንትኸውን፣ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ግሉፅ ፅልኣት ከም ዝነበሮ ዝፍለጥ እዩ ነይሩ።

### → ክፋል 5 - መ -1 እዚ ፀብፃብ።

**ኣባላት ምልሻ ኣምሓራ፣ ፋኖን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓዊሱ ሓደ ሓደ ውልቀሰባት ክልል ኣምሓራ ተጋሩ ብመንነቶም ከም ብሔራዊ ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምጥፋእ ፍሉይ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ዘእምን ምእኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።**

ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ብተመሳሳሊ ብፍላይ ምስ ታሪኻዊ ምስሕሓብ ትሕዝቶ መሬት ብምዝማድ ብተጋሩ ኣብ ልዕሊ ኣምሓራ ወፅዓን ፅንተትን ተፈፂሙ እዩ ምስ ዝብል ብምትሕሓዝ ተጋሩ ክጠፍኡ ከም ዝግብኦም ፅልኢ ዝቐርፁ መግለፅታት ይጥቀሙ ነይሮም እዮም።

እቲ ጎንፂ ምስ ተጀመረ፣ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ቁፅፅር መንግስቲ ፌደራልን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ወዲቑ፤ ክልቲኦም ድማ ኣብቲ ሽዑኡ ተመስሪቱ ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር ተሳቲፎም እዮም። ንተጋሩ ንምጉዳእ ወይ ጠቕሊልካ ንምጥፋእ እንተነኣሰ ድማ ካብቲ ግዝኣት ንሱ ንምፍንቓል ዝዓለሙ ዝመስሉ መጠነ-ሰፋሕቲ ስጉምትታት ድማ ተወሲዶም እዮም። እዙይ ድማ ብልሳነ ትግራይ ምዝራብ ምኽልካል፣ ንተጋሩ ኣገዳሺ ዝኾነ ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ምኽልካል፣ ከምኡ ድማ ንዕለታዊ ናብርኦም ወሰንቲ ዝኾኑ ኣዝርእትን እንስሳ ዘቤትን ምምንጣል የጠቓልል። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ተወለድቲ ብሔር ኣምሓራ ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ቅድም ክብል ተጋሩ ኣብ ዝነበሩሉ መሬት ንኽነብሩ ናይ ምሕጋዝ ስራሕቲ ተሰሪሑም እዮም። ኣሽሓት ተጋሩ ተኣሲሮም እዮም፣ ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት ድማ ክዋግኡሉ ኣብ ዝኽእሉ ክሊ ዕድመ ዝነበሩ ተጋሩ ብጃምላ ተቐቲሎም እዮም።

ንተጋሩ ናብ ካልኦት ከባቢታት ናይ ምፍንቓል ድሌት ወይ ባህሊ ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ዘረጋግፅ መርትዖ ንተጋሩ ብኣካሎም ናይ ምጥፋእ ዕላማ ንምርግጋፅ ዘኽእል ፅቡቕ መርትዖ እዩ፤ ኮይኑ ግን ንሱ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን። እቲ መፅናዕቲ ብዓሚቑ ፍረ-ነገረ ተኮር እዩ፤ ኣግባብነት ዘለዎም ዕላዊ መግለፅታት ጥራሕ እንተይኮነ ኣግባብነት ዘለዎም ተግባራት ፈፀምቲ ገበንን ነቲ ዓውዲ ኣፈፃፅማ ብሰፊሑን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

ኣንፃር ተጋሩ ተዃናፃይ ኣገላልፃ ገበናት ኣብ ዝፍፀሙሉ ኩነታት ብቕሉዕ ዝፍፀም እዩ ነይሩ። ንኣብነት ብተሸከርካሪት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ዝተወቕዐ ሓደ ነጋዳይ “ንስኻ ኣባል ጁንታ ኢኻ! ዕጫኻ እዙይ እዩ! ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና!” ዝብል መልእኽቲ ተነጊሩዎ እዩ። ተኣሲሮም ዝነበሩ ተጋሩ ድማ ኣምሓሩ ሓለውቲ “ኩሎም ተጋሩ ክሞቱ ኣለዎም፤ ንኹሉኹም ክነጥፍኣኩም ኢና” እንትብሉ ሰሚዖምዎም እዮም። ካልእ ድማ “ተጋሩ እኮ ሰባት ኣይኮኑን ነይሮም፣ ኣትማን እምበር” ኢሉ ተዛሪቡ እዩ።

ብተመሳሳሊ ግዳያት ብትግራዋይነቶም ጥራሕ ተፈልዮም ከም ዝተጠቕዑ እዮም ዝኣምኑ። ሓደ ዝተሓዋወሰ መንነት ዘለዎ ሰብ “ሓንቲ ንጣብ ደም ትግራዋይነት ኣብ ዝኾነ ሰብ እንተሃልያ መቕፃዕቲ ሞት እያ ተስዕብ” ኢሉ ገሊፁ እዩ። ካልእ ድማ ክንደየናይ “ንትግራዋይ ምቕታል ከም ናይ ጅግንነት ተግባር” ተገይሩ ተወሲዱ ከም ዝነበረ ገሊፁ፣ ተጋሩ ናይ ሕጊ ከለላ ከም ዘይነበሮም እንትገልፅ ድማ “ዝኾነ ሰብ ክቕትለካ እዩ ዝደሊ” ኢሉ ገሊፁዎ እዩ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፣ ሓለውቲ ቤት ህንፀትን ናይ ከባቢ ሰላማዊ ሕብረተሰብን ኣባላት ሓይሊ ምክልኻል ኢትዮጵያ ዝነበሩ እሱራት ተጋሩ ቐቲሎም እዮም። ቅድሚ እዚ መጥቃዕቲ እዙይ፣ ሓደ ናይ ከባቢ ረድዮ ጣብያ ነቲ ናይ ከባቢ ማሕበረ ሰብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ዝኾኑ ደቃቶም ኣብቲ ጎንፂ ከም ዝተቐትሉ፣ እቶም እሱራት ድማ (እቶም እሱራት ተሓተትቲ እዮም ዝብል ንምምልኻት) ኣባላት *ጁንታ* ከም ዝኾኑ ከም ዘቃለሐ ተገሊፁ እዩ። ካብቲ ሓደጋ ዝተረፉ ድማ ብድሕሪ እቲ መቕተልቲ ዘምለጡ እሱራት ከይህልዉ ነበርቲ እቲ ከባቢ ክእልሹዎም ንምትብባዕ ዳግማይ ፈነወ ረድዮ ከም ዝተገበረ ገሊፆም እዮም። ከባቢያዊ ሰበ ስልጣን እውን ብመጉልሂ ድምፂ ገይሮም ተመሳሳሊ መተሓሳሰቢ ደጊሞም የቃልሑ ከም ዝነበሩ ተገሊፁ እዩ።

ምስ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ወይ ምስኦም ምስ ዝተዛመዱ ሓይልታት ዝተሓሓዝ ፆታዊ መጥቃዕቲ እውን ብግልፂ ምስ ናይ ምፅናት ሓሳብ ዝተኣሳሰር እዩ። ንኣብነት፣ ሓንቲ ብኣባላት ሚሊሻ ፋኖ (ምስ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ዝተዛመዱ) ዝተደፈረት ሰበይቲ ብደፈርታ “ተጋሩ ካብዛ መሬት ክጠፍኡ ኣለዎም”፣ “እኩያት” ከምዝኾኑ፣ ከምኡ ድማ “ደምኪ ኢና ነፅርዮ ዘለና” ዝብሉ ሓሳባት ተዛሪቦምዋ እዮም። ካልእ ዝተደፈረት ሰበይቲ ድማ ብደፋሪኣ “ደጊምኪ ትግራዋይ ከይትወልዲ ምእንታን ማህፀንኪ ከባላሽዎ እየ፤ ተጋሩ ቆልዑ ከም ካንሰር ኣብ ውሽጢ እዮም ዝዓብዩ” ዝብል ዘረባ ተዘሪቡዋ እዩ። ሓደ ዶክተር ከም ዝሓበሮ፣ ግዳያት መድፈርቲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብደፈርተን ዝድፈራ ዘለዋ “ኣምሓሩ

ክኾና ምእንታን እንተነኣሰ ግን ትግራዋይነተን ክገድፋ [...] ደመን ንምፅራይ” ከም ዝኾነ ተነጊሩወን እዩ ክብል ፀብፂቡ እዩ።

→ ክፋል 5 - መ - 2 እዚ ፀብፃብ።

## ወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንተጋሩ ብመንነቶም ከም ብሔራዊ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ፍሉይ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

ኣንፃር ተጋሩ ዝኾነ ተዃናፃይ መግለፂ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዝተፈፀሙ ገበናት እውን ብግልፂ ተንፀባሪቑ እዩ። ንኣብነት፣ ሓንቲ ነብሰፁር ሰበይቲ ምስ ተደፈረት ብደፈርታ “ኣካላትክን ደምክን ክነፅርየኪ ኢና” ከምኡ ድማ “ውላድኪ ኣጥፊእና ዳግም ከም ዘይትወልዲ ክንገብረኪ ኢና” ዝብሉ ዘረባታት ተዘሪቦምዋ እዮም። ካልእ ድማ “ንተጋሩ እስኪ ንወለዶታት ነጥፋኣዮም” ዝብል ተነጊሩዋ እዩ። ካብ መጥቃዕቲ ብሕይወቶም ዝወፅኡ ተጋሩ ወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተጋሩ “ክትጠምዩ ኢኹም፣ ብድሕሪኡ ድማ ሰብኡትኩም ቀቲልና ንኣንስትኹም ክንደፍረን ኢና” ከምኡ ድማ “እታ ዓዲ ካብ ከማኹም ዝበሉ ህዝቢ ክትፀሪ እያ” ዝብሉ ሓሳባት እንትገልፁ ሰሚያምዎም እዮም።

ምስዚ መግለፂ እዙይ ዝሳነ፣ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተፈፀሙ ገበናት ሰብኡት ዝተቐተልሉ ኣንስቲ ድማ ዝተደፈራሉ ስልታዊ ኣፈፃፅማ ዘንፀባርቑ እዮም። ወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መብዛሕትኡ ግዜ ትግርኛ ስለ ዝዛረቡ ኣብ ናይ ጥምረት ወፍርታት እውን ከም ተርጎምቲ የገልግሉ ነይሮም እዮም። ፈተሻታት ገዛ-ን-ገዛ እንትግበሩ፣ ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት. ይኹኑ ኣይኹኑ ብዘይምፅራይ ተጋሩ ሰብኡት ጥራሕ እዮም ይእልሹ ነይሮም። ሓደ ሓደ ግዜ “ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾነ ኩሉ ትግራዋይ ከም ዝቐትሉ” እንትዛረቡ ይስምዑ ነይሮም እዮም። ብተመሳሳሊ፣ ኣንስቲ ዕላማ ፆታዊ መጥቃዕቲ ክገብሩ ከም ዝተኣዘዙ ከምኡ ድማ “እዞም ተግባራት ኣንፃር ተጋሩ ሕነ እዮም” ኢሎም ይገልፁ ከም ዝነበሩ ተገሊፁ እዩ።

ቅድሚ ዝተወሰኑ ኣዋርሕ ተፃብኦታት ንምቁራፅ ስምምዕ ተገይሩ እኳ እንተነበረ ወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክሳብ ጥሪ 2015 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ፀኒሖም እዮም። ኣብዚ ግዜ እዙይ፣ ንተጋሩ ዕላማ ገበን ገይሮምዎም ፀኒሖም እዮም። ዝፀንሕዎ ብዘይዕላዊ ኣፍልጦ እንተዝኸውን እውን እዙይ ብውልቆኦም ንተጋሩ ከም ጉጅለ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ብዝበለፀ ዘረጋግፅ እዩ።

> **‘እቲ ኣብ 90ታት ዝገበርኩምዎ ሕዚ እውን እንተኾነ ኣይረሳዕናዮን። ድሕሪ ደጊም ሓንቲ ትግራወይቲ ሰበይቲ ካብ ትግራዋይ ሰብኣይ ኣይትወልድን።’**
>
> - ካብ ማሕፀን ዝተደፈረት ሰበይቲ ብሓደ ዶክተር ኣብ ዝወፅአ ብጣሽ ወረቐት ብወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተፃሒፉ ዝተረኸበ መዘኻኸሪ።

→ ክፋል 5 - መ - 3 እዚ ፀብፃብ።

## እቲ ኣብ ላዕላይ ዝተገለፀ ሓሳብ ሒዞም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ገበን ፅንተት ዘረጋግፁ ኣርባዕተ ተግባራት፡ ንተጋሩ ምቕታል፣ ከቢድ ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲ ምብፃሕ፣ ጥፍኣቶም ብምዕላም ንተጋሩ ኮነ ኢልካ ኣብ ሕሱም ኩነታት ሕይወት ክወድቁ ምግባር፣ ከምኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ወሊድ ከይህሉ ንምኽልካል ዝዓለሙ ስጉምትታት ናይ ምውሳድ ተግባራት ከም ዝፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

*ተግባራት ቅትለት*

ብመሰረት ክሳብ ሕዚ ዘሎ መርትዖ ጠቕላላ ቑፅሪ ዝሞቱ ተጋሩ ምፅብፃብ እኳ እንተዘይተኻእለ፣ ውሑዳት ግምታት ብጥሉል ኣብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ምዓለቡ ይመስሉ። ካብቶም ዘስካሕኽሑ ገበናት፣ ሰብኡትን ተባዕትዮ ቆልዑን ብዘይመጠን ዕላማ ቕትለት እንትኾኑ፣ ኣንስትን ኣዋልድን ድማ ዕላማ ፆታዊ መጥቃዕቲ ኮይኖም እዮም።

ኣብዘም ዝስዕቡ ኣጋጣምታት ሓዊሱ፣ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብዙሓት ተጋሩ ከም ዝቐተሉ ተሓቢሩ እዩ።

- ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ከባቢ ማይካድራ፣ ኣደባይ፣ ምዕራብ ኣባያ፣ ዛላምበሳ፣ ዓድዋ፣ ማሕበረ ዴጎ፣ ዕዳጋ ቶጎዳ፣ ከምኡ ማ ኣብ ዝተፋላለዩ ከባብታት ምዕራብ ትግራይ ኣብ ቅትለት ከም ዝተሳተፉ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።
- ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ከባቢ ማይካድራ፣ ኣደባይ፣ ሑመራ፣ ራው[ያ]ን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዝተፋላለዩ ከባብታት ምዕራብ ትግራይ ኣብ መቕተልቲ ከም ዝተሳተፉ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።
- ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ከባቢ ኣኽሱም፣ ዛላምበሳ፣ ሕፃፅ፣ ዓዲግራት፣ ዓድዋ፣ ነበለት፣ ከምኡ ደማ ኣብ ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ከባቢ ገጠራት ማርያም ሸዊቶ፣ ገርዓ፣ ዓዲ ብጪ፣ ዓዲ ጫዋ፣ ምንድብድብ፣ ክፍድመት፣ ራህያ፣ እንዳባገሪማን ኩምሮን ኣብ መቕተልቲ ከም ዝተሳተፉ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

→ ክፋል 5 - ረ - 1 እዚ ፀብፃብ።

## ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራትን ሓዊሱ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ፣ ፆታዊ ምጥቃዕትን

ኣባላት ኩሎም ሰለስቲኦም ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ተጋሩ ብምስቓይ፣ ብሓይሊ ምድፋርን ብኻልኦት መልክዓት ፆታዊ ዓመፅን፣ ከምኡ ድማ ኣካላት ብምቑርራፅ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ከም ዘብፅሑ ተሓቢሩ እዩ። ተፈፂሞም ካብ ዝተባህሉ ተግባራት በቲ ዝድለ መለክዒ ፍሉይ ስነ-ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲ ኣስዒቦም ክበሃሉ ዝኽእሉ እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተገለፁ ተግባራት ኣብ ቅድሚ ኣባላት ስድራ ምፍፃሞም ከምኡ ድማ ኣብ ባህላዊ ስርዓት ቀብሪ ጣልቃ ምእታውን የጠቓልሉ።

### “ትግራወይቲ ማህፀን ክትወልድ የብላን”

ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣገዲድካ ምድፋር ሓዊሱ ንተጋሩ ምውላድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራት ፆታዊ ዓመፅ ፈፂሞም እዮም። ባህሊ ትግራይ ኣባታዊ ስለዝኾነ ትግራዋይ ብዘይኮነ ደፋሪ ተደፊርካ ምጥናስ ውፅኢቱ ናይቲ ዝውለድ ህፃን ትግራዋይ ኮይኑ ምስ መንነቱ ናይ ምውላድ መሰሉ ዘስእን እዩ። ፈፀምቲ እቲ ገበን ነቲ ገበን እንትፍፅሙ ነዚ ሓሳብ ገሊፆምዎ እዮም፤ ንኣብነት፣ ንሓንቲ ግዳይ “ሰብኣይ ከም ኮንኪ ክንቀትለኪ ኔርና ኢና፤ ኣንስትዮ ግን ኣምሓሩ ማማያት ክወልዳ ይኽእላ እየን” ኢሎምዋ እዮም።

ብተወሳኺ፣ ብዙሓት ተግባራት ፆታዊ ዓመፅ እተን ግዳያት ብድሕሪኡ ብመጉዳእቲ ኣካለን ክወልዳ ከም ዘይኽእላ ናይ ምግባር እምነት ወይ ሓሳብ ብዘመላኽት ኣግባብ ወይ ኩነታት ኣፈፃፅማ እዮም ተፈፂሞም። ሓንቲ ብወታደራት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብኽልቲኦም ዝተደፈረት ሰበይቲ ብደፈርታ: “ትግራዋይ ተቓላሳይ ከይትወልዲ ምእንታን ማህፀንኪ ክነባላሸዎ ደሊናና፤ ብኤች.ኣይ.ቪ. ክነራኽሰኪ ኢና” ተባሂላ ተነጊሩ እያ። ካልእ ሰበይቲ ድማ፡ “ባእስና ምስ ማህፀንኪ እዩ። ማህፀንኪ እዩ ወያነ ዝወልድ። ትግራወይቲ ማህፀን

ፍፁም ክትወልድ የብላን” ተባሂላ ተነጊራ እያ። ካልእ ተወሳኺት ሰበይቲ ድማ “ማህፀና ክበላሾ ኣለዎ፤ ደጊሙ ድማ ክወልድ የብሉን” ዝብል ምፍርራሕን ሓሳብን ተነጊሩዋ እዩ።

ባዕዲ ነገራት ምእታው፣ ኣካላት ምቁርራፅን ብሓዊ ምንዳድን ሓዊሱ ኣገዲድካ ምድፋር ዝተፈፀመሉ ጭካነን ግፍዕን ድማ ነተን ግዳያት ምስ ናይ ምቑሳልን ናይ ምልማስን ሓሳብ ተሳንዩ ዝኸይድ እዩ። ብተመሳሰሊ፣ ህፃናት ኣባላት ስድርኦም እንትድፈራ ክሪእዩ ይግደዱ ነይሮም፤ ወይ ድማ ኣባላት ስድራ ነንባዕሎም ተግባራት ፆታዊ ርክብ ክገብሩ ይግደዱ ነይሮም። እዞም ተግባራት እዚኣቶም ስዒቡ ምውላድ ክኽልክል ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅልውላው ክፈጥሩ ዝኽእሉ እዮም። ኣብ መወዳእታ፣ ነብሰ-ፁር ኣንስቲ ከም ዕማም ዕላማ ዝተገበራ ምዃነን ዝገልፅ ሓበሬታ እኺ እንተዘይሃለወ፣ ከምኡን ዝኣመሰላ ኣንስቲ ከም ዝተጠቕዓ ጥራሕ እንተይኮነስ ዘይተወልዱ ደቀን እውን ኣብቶም ኣጋጣምታት ከም ዝተጠቕዑ ዘመላኽቱ ሓበሬታታት ኣለዉ እዮም።

**→ክፋል 5 - ረ - 2 እዚ ፀብፃብ።**
**→ክፋል 5 - ረ - 4 እዚ ፀብፃብ።**

## ብትልሚ ንተጋሩ ንምጥፋእ ዝተፈፀሙ ኣብ ሕሱም ኩነታት ሕይወት ናይ ምውዳቕ ተግባራት

ብፍላይ፣ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ከምኡ ድማ/ወይ ምስኦም ዝተዛመዱ ሰበ ስልጣን፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ምስኦም ዝዛመዱ ሰበ ስልጣንን ብኽልተ መልክዕ ንተጋሩ ንምጥፋእ ዝዓለሙ ኣብ ሕሱም ኩነታት ሕይወት ናይ ምውዳቕ ተግባራት ፈፂሞም እዮም፡- ንህዝቢ ትግራይ ቀረብ ምግቢ ብምኽልካል ንዓፀቦ ብምቅላዕ፣ ከምኡ ድማ ኮነ ኢልካ ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ትግራይ ብምዕናው።

ኣብ ኩነታት ትግራይ፣ እዞም መሰረታዊ ቖረባት እዚኣቶም ምኽልካል ንሰላማዊ ማሕበረ ሰብ ናብ ሓደጋ ዘቃልዕ ጥራሕ እንተይኮነስ ብጭቡጥ እውን መጠነ-ሰፊሕ መጉዳእትን ሞትን ኣስዒቡ እዩ።

ብመንፅር እቲ ፈላማይ ዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ትግራይ ከይኣቱ ናይ ምኽልካልን ህዝቢ ትግራይ ንሕይወቱ ዝድረኸሉም ዝራእቲ ሕርሻን ተሓራሲ መሬትን ናይ ምዕናውን ተግባራት ኣጣሚሮም ብዝሓዙ ስጉምትታት ቀረብ ምግቢ ከይረክብ ተገይሩ እዩ። እዞም ተግባራት እዚኣቶም ቅድሚ እቲ ጎንፂ ኣብ ዝነበሩ እዋናት ኣትሒዙ እውን ንዝፀንሐ ፀገም ውሕስና ምግቢ ክጋደድ ገይሮምዎ እዮም።

ብፍላይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ምስኦም ዝዛመዱ ሰበ ስልጣንን ኣብ ናይቲ ጎንፂ ወሰንቲ እዋናት ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ትግራይ ከይኣቱ ከልኪሎም እዮም። ሓገዝ ምግቢ ካብቶም ዝግብኦም ተጠቀምቲ ወፃእ ኣብ ካልእ ከም ዝወዓለ ዝሕብሩ ጭቡጣት ፀብፃባት እውን ነይሮም እዮም። ንዓለም-ለኸ ዘይመንግስታውያን ትካላት ተዋሂቡ ዝነበረ ፍቓድ ስራሕ እውን ተሰሪዙ እዩ። ሽዑ ዝነበረ ምላሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፀገም ከም ዘሎ ምኽሓድ እዩ። ፅልዋ ናይዞም ተግባራት እዚኣቶም ሰማይ ብዝዓረገ ዋጋ ምግብን ግሉፅ ብዝነበረ ዘይውዕኢታዊ ክፍፍል ምግብን ተንፀባሪቑ እዩ።

ብተመሳሳሊ ግዜ፣ ወታደራት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብተኸታታሊ ዝራእቲ ሕርሻን ምህርትን ኣቃፂሎም፣ እንስሳ ዘቤት ቀቲሎም፣ ከምኡ ድማ ናውቲ ሕርሻ ኣቃፂሎም እዮም። ሓደ ልሙድ ዝነበረ ብልሓት ድማ ክፍልታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እቲ ሓፋሽ ማሕበረ ሰብ ከይሓርስ ክኽልክሉዎ ድሌት ስለዝነበሮም “ኣይትሓርሱን፣ ምህርቲ ኣይትእክቡን፣ ዝኾነ ሓገዝ ኣይትረኽቡን፤ እዙይ ክትገብሩ እንተፈቲንኩም ክንቀፅዓኩም ኢና” እንዳበሉ ዝኽልክልዎ ምንባሮም እዩ።

ሳዕቤን ናይዘም ጣምራ ተግባራት እዚኣቶም መደንፀዊ እዩ ነይሩ - ኣብ ጉንበት 2013 ዓ.ም. ብንኡሱ 5.2 ሚልየን ህዝቢ (ዳርጋ 5.7 ሚልየን ካብ ዝኸውን ህዝቢ ትግራይ) ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ከም ዘድልዮ ተገሚቱ ነይሩ። ካብዚኣቶም መብዛሕትኦም "ብስእነት ምግቢ ዝሳቐዩ" ተባሂሎም ዝተነፀሩ ኮይኖም ልዕሊ 300,000 ድማ ብቕጥታ ብጥሜት ዝተጠቕዑ ኮይኖም ናብ ዓፀቦ ክሰጋገሩ ኣብ ጫፍ ዝነበሩ እዮም። እዚ ቑፅሪ እዚ ብብርኪ ዓለም ኣብዘም ዝሓለፉ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት እቲ ዝበዝሐ እዩ። ድሕሪ ሽድሽተ ወርሒ ኣብ ሕዳር 2014 ዓ.ም. ቁፅሪ ጥሜት ብዝመስል ስእነት ምግቢ ዝሳቐ ህዝቢ ሰለስተ ፅፅፌ ኮይኑ ናብ 900,000 ተቓሪቡ ነይሩ። ብፍላይ ቆልዑ ብፍሉይ ተጎዲኦም ነይሮም። ምስ እዘም ክስተታት እዚኦም ተዛሚዱ ዘጋጠመ ሞት ምግምጋም እኳ ከቢድ እንተኾነ፣ ቅርብ ዝበለ ምኽንያታዊ ግምት ናብ 100,000 ዝግመት ምስ ጥሜት ዝተሓሓዝ ሞት ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም. ከም ዘጋጠመ የመላኽት።

### "ኣብዙይ ዝኒሄና እንትሞቱ ክንርእዮም ኢና፤ ካልእ የብልናን"

- ሰኣን ቀረብ ምግቢ ብመድሓኒትን ኦክሲጅንን ጥራሕ ስቓይ ብጥሜት ዝሳቐ ህፃን ከቃልል ብዘይምኽኣሉ ዝሓዘነ ዶክተር

ኣብቲ ካልኣይ ዛዕባ፣ ንሳዕቤን ምኽልካል ቀረብ ምግብን ብምኽንያት እቲ ጎንፂ ንዘጋጠሙ መጉዳእትታትን ብዝገደደ ዘበኣእስ፣ ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ትግራይ ንምዕናው ዝዓለሙ ስጉምትታት ከም ዝተወሰዱ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ቅድሚ እቲ ጎንፂ፣ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ብዝግባእ ዝሰርሕን ኣብ ኢትዮጵያ ካብቶም ዝበለፁ ዝቑፀርን እዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ዝወዓሉ ከባብታት ብምኽንያት (1) ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ነዳዲ፣ ርክብ፣ ሓገዝ ገንዘብ፣ ከምኡ ድማ ብሳዕቤን ስእነት ቀረብ ምግብን፣ (2) ቀፃልነት ብዘለዎም ተግባራት ምዕናውን ምጉሓልን ሆስፒታላት፣ ክሊኒካትን ናውቲ ሕክምናን ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ እዩ። ሓደ ወሃቢ ርኢቶ ከም ዝበሎ፣ እዘም ተግባራት እዚኣቶም ንብረት ካብ ምውሳድ ንላዕሊ እቶም ትካላት ጥዕና "ብድሕሪኡ ንዝኾነ ሰብ ግልጋሎት ዘይህቡ ክኾኑ" ንምግባር ዝዓለሙ እዮም ነይሮም። ኣብ ካልኦት ኣጋጣምታት፣ ቅድም ክብል ትካላት ጥዕና ዝነበሩ በቶም ነቲ ከባቢ ኣብ ቁፅፅሮም ዘውዓልዎ ሓይልታት መዓስከር ወታደራት ተገይሮም እዮም።

ሕዚ እውን፣ ሳዕቤን እዘም ተግባራት እዚኦም መደንፀዊ እዩ ነይሩ። ኣብ ሰነ 2015 ዓ.ም. ሓደ ፀብፃብ ከም ዝገመቶ ሰለስተ ኢድ ትካላት ጥዕና ትግራይ ኣገልግሎት ኣይህቡን ነይሮም፣ ካብቶም ዝተረፉ ልዕሊ ፍርቂ ድማ ብኽፋል ኣገልግሎት ዝህቡ ዝነበሩ እዮም። ብኻልእ ኣገላልፃ፣ ካብቲ ቐዲሙ ዝነበረ ዓቕሚ ግልጋሎት ጥዕና ትግራይ 13% ስሩዕ ግልጋሎት ይህቡ ነይሮም። ከም ኤች.ኣይ፣ቪ፣ ሽኮርያ፣ ፀቕጢ ደም፣ ሳንባ መንቀርሳን ዓሶን ንዝኣመሰሉ ሕዱራት ሕማማት ዝወሃቡ ወሰንቲ ኣፋውስ ከምኡ ድማ ረኽሲ ንምክልኻል ዝወሃቡ ክታበታትን ናውቲ ጥዕና ስነ-ተዋልዶን ቀረቦም ውሑድ እዩ ነይሩ። ከም ሳዕቤን እዚ ኣብ ላዕላይ ዝተጠቐሰ ኩነታት ብዘይካ ህፁፃት መጥባሕትታት፣ ካልኦት መጥባሕትታት ዘይከኣሉ ኮይኖም፤ ንሳቶም እውን እንተኾነ ግዜ ዝሓለፎም ኣፋውስ ብምጥቃም ምናልባት እውን ብዘይ መደንዘዚ ዝፍፀሙ እዮም ነይሮም። ሕዱራት ሕማማት ዘለዉዎም ሕሙማት እንከይተሓከሙ ይምለሱ ነይሮም፤ ብሕክምና ዝናበሩ ሰባት ፀረ-ቓንዛ እውን ኣይረኽቡን ነይሮም። ቁፅሪ ኣብ ሕርሲ ሂወተን ዝስእና ኣዴታት ብልዑል መጠን ወሲኹ ነይሩ። ምስ እዙይ ተዛሚዱ ዘጋጠመ ሞት ጠቕሊልካ ምግምጋም እኳ እንተዘይተኻእለ ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም. ብውሑድ ግምት እንተነኣሰ 30,000 ዝኸውን ሞት ከም ዘጋጠመ የመላኽት።

→ ክፋል 5 - ረ - 3 እዚ ፀብፃብ።

**ዝተወሰኑ ውልቀ ሰባት ብቐጥታን ብዕላውን ንፅንተት ከም ዝጎስጎሱ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።**

ፅንተት ዘይተፈፀመ እንተዝኸውን ነይሩ እኳ፣ ብቐጥታን ብዕላውን ፅንተት ክፍፀም ምጉስጓስ ብዓለም-ለኸ ሕጊ ዓርሱ ዝኸኣለ ገበን እዩ። እዙይ እንትበሃል ብባህሪኦም ናይ ውልቆም እንተይኮነስ ካልኦት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ሰባት ተግባራት ፅንተት ንኽፍፅሙ ሓፋሽ ብዝሰምዖ ፃውዒት/ምልዕዓል ምግባር ንምግላፅ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ነቶም ኣግባብነት ዘለዎም መግለፅታት ዝተገለፁሉ ዓውዲ ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ኩነታት ፈፀምቲ እቲ ገበንን እቲ መግለፂ ንመን ተሓሲቡ ከም ዝተገለፀን ኣብ ግምት ብምእታው ምትርጓም ኣድላዪ እዩ። እቲ ዝተሓሰበ ከም ዝተፈፀመ ምርግጋፅ እኳ ኣድላዪ እንተዘይኮነ፣ በዚ ገበን ተሓታቲ ንምኧን እቲ ፈፃሚ ነቲ ዝተፈለየ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮ እውን ምርግጋፅ የድሊ እዩ።

ቅድም ክብል ከም ዝተገለፀ፣ ንተጋሩ ዘፈራርሑን ዘዋርዱን ስለ ዝነበሩ ከም ናይ ፅልኢት መግለፅታት ተባሂሎም ክምደቡ ዝኽእሉ ብዙሓት መግለፅታት ከም ዝነበሩ ብዙሕ መረዳእታ ኣሎ። መብዛሕትኦም መግለፅታት ብዕሊ ዝተወሃቡ እዮም ነይሮም።

እንተነኣሰ ካብዞም ዝተዋህቡ መግለፅታት ዝተወሰኑ እቶም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ተዋሂቦም ዝተባህሉ መግለፅታት ግብራዊ ፍፃመ ተግባር ፅንተት ንኽፍፀም ፃውዒት ዝገበሩን እቲ ክማላእ ዝግብኦ ገበን ናይ ምፍፃም ሓሳብ ኣማሊኦም ዝተፈፀሙን ስለ ዝኾኑ፣ ቀጥታን ዕላውን ጎስጓስ ፅንተት ተፈፂሙ ንምባል ክማልኡ ዝግብኦም መለክዕታት ዘማልኡ እዮም።

እቶም ብመቓልሕ መራኸቢ ሓፋሽን ካልኦት ህዝባዊ መድረኻትን ዝተዋህቡ መግለፅታት እቲ ክማላእ ዝግብኦ መለክዒ ዘማልኡ ምኧኖምን ዘይምኧኖምን እውን ብነፃ ኣካል ክምርምሩ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ንኣብነት፣ ናይ ሳተላይት ጣብያታት ቴሌቪዥን ንተጋሩ ብሓፈሻ ዘፅላእልኡ ዝተፈላለዩ መግለፅታት የመሓላልፉ ነይሮም እዮም። ናይ ፌስቡክ ገፅ "ኢሳት ሓዱሽ ነገር" ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ ለጢፉ ከም ዝነበረ ተሓቢሩ እዩ፡

> "ንሕና እንዳሞትና ንምንታይ ኢና ነዞም ኣብ ሞንጎና ዝኒሄዉ ካሕዳማት ተጋሩ እንዕገሶም ዘለና? ጎዞሞኹም፣ ፋስኩም ወይ ከላሽንኩም ኣልዒልኩም ኣብ ኩሎም በታታት ወፍሪ ኣንፃር እዞም ካሕዳማት ተጋሩ ኣቀፃፅሉዎ። ሓደ ትግራዋይ እውን ከም ዘይተርፍ ገይርኩም ጨፍጨፍ ኣቀፃፅሉ።"

**→ ክፉል 5 - ሰ - 3 እዚ ፀብፃብ።**

**ኢትዮጵያ ኣንፃር ተጋሩ ፅንተት ከይፍፀም ናይ ምክልኻል ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ኢትዮጵያ ኣንፃር ተጋሩ ፅንተት ንዝፈፀሙ ናይ ምቕፃዕ ግቡኣ ከም ዘይፈፀመትን ዘይምፍፃማ ከም ዝቐፀለትሉን ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።**

እቲ ተግባር ፅንተት "ኣብ ብርኪ ታሕተዋይ መዋቕር" ዝተፈፀመ እኳ እንተዝኸውን፣ ብተወሳኺ ድማ ከም ሃገር ምስ ኢትዮጵያ ይተሓሓዝ ኣይተሓሓዝ ብዘየገድስ፣ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ብዓለም-ለኸ ሕጊ ተመሳሰልቲ ተግባራት ከይፍፀሙ ናይ ምክልኻል ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። እዚ ጉድለት እዙይ ቅሉዕን ከቢድን ሓደጋ ተግባራት ፅንተት ብቐፃልነት ንኸንፀላሉ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

**→ ክፉል 8 - ሀ - 2 እዚ ፀብፃብ።**

ብተመሳሳሊ፣ ኢትዮጵያ ነዞም ተግባራት ናይ ምቕፃዕ ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

ክሳብ ሎሚ፣ ሰለስተ ወታደራት ጥራሕ ኣገዲድካ ምድፋር ፈፂምኩም ተባሂሎም ተኸሲሲሶም ኣለዉ፤ 25 ብኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ተኸሲሶም፤ 28 ተጠርጠርቲ ድማ ብቕተለት ተኸሲሶም እዮም። ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበናት ኲናትን ኣብ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ገበናት ዝተገበረ ዝእመን ምፅራይን ክስን የለን።

**→ክፋል 8 እዚ ፀብፃብ።**

## ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝምልከቱ ርኽበታት

**"'ንሕና ሰላማውያን ኢና'**

**እቲ ኣባል ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ 'እወ፣ ሰላማውን ኢና ንእልሽ ዘለና! ክብል መሊሱ።'**

**በቢቦትኡ ዝሞቱ ሬሳታት ወዲቖም ይረኣዩ ነይሮም።"**

እቲ ኣብ ላዕላይ ዝተገለፀ ተግባር ፅንተት ንምባል ዘይበቅዕ እንተዝኸውን እውን፣ እቲ ተግባር ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከም ዝኾነ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ብርግፅ፣ እዚ መደምደምታ እዙይ ቅድም ክብል ብኻልኦት ብዙሓት ዓድታትን ትካላትን እውን ዝተበፅሐ እዩ። እዞም ገበናት እዚኦም ናይ ምፅናት ሓሳብ ከም ዘሎ ምርግጋፅ ኣይሓቱን፤ ንዝተወሰኑ ውሑዳት ጉጅለታት ጥራሕ እውን ኣይኮኑን ከለላ ዝሀቡ፤ ኣብ ኩነታት መጠነ-ሰፊሕ ወይ ስርዓታዊ ጥሕሰት ኣንፃር ሰላማዊ ሕብረተ ሰብ ዝተፈፀሙ ብምዃኖም ጥራሕ ተፈልዮም ዝትርጎሙ እዮም።

እቶም ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሰላማዊያን ሕብረተ ሰባት ተጋሩ ተፈፂሞም ዝተባህሉ ገበናት መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ዝብል ትርጉም ዘማልኡ ብቑፅሮም ብጣዕሚ ክንዲ ዝኣክል ብዙሓት እዮም፣ ብንውሓቱ እኹል ንዝኾነ ግዜ ዝተፈፀሙ እውን እዮም። ብጣዕሚ ንኢሱ እንተተባህለ፣ እቲ ቅድም ክብል ዝተገለፀ ተግባር ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝኾኑ ቅትለት፣ ጨፍጨፍ፣ ምስቓይ፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት መልክዓት ፆታዊ መጥቃዕትን፣ ከምኡ ድማ ካልኦት ዘይሰብኣውያን ተግባራት ብኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ከም ዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ዘረጋግፅ እዩ።

### ምስቓይ

ካብዞም ኣብ ላዕላይ ዝተገለፁ ገበናት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ብምኽንያት ብሄር ወይ ፖለቲካ መድልዎ ንምፍፃም ብምሕሳብ ከም ዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። በዙይ መሰረት፣ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ብዝኾነ ተግባር ምግፋዕ ተሓተትቲ ከም ዝኾኑ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። እዚ መደምደምታ እዙይ ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ሰራሕተይናታት ሰብኣዊ ሓገዝ ብሄሮም ብዘየገድሽ ዝተፈፀሙ ቅተለታት ብዝምልከት ፀብፃባት፣ ንጋዜጠይናታት ዕላማ ምግባር፣ ብፍላይ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣምታት ዝእሰሩን ኣብ ቀይዲ ዝውዕሉን ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ጋዜጠይናታት ብዝምልከቱ ፀብፃባት ዝኣመሰሉ ንተጋሩ ይድግፉ እዮም ንዝተባህሉ ሰባት ፈሊኻ ምጥቃዕ ብዝምልከቱ መረዳእታታት ተረጋጊፁ እዩ።

**"ትንባዕ - ትግራወይቲ ኣይኮነትን ድያ?"**

- ንኣዲኣ ዝደፍር ዝነበረ ወታሃደር እታ ኣዶ ንጓላ ከይትሓቁፍ እንትኽልክል ዝተዛረበ

**→ ክፋል 6 - ለ - 1 እዚ ፀብፃብ።**

### ኣገዲድካ ምድፋር፣ ጎንፂ መሰረት ዝገበረ ፆታዊ ዓመፅን ካልኦት ፆታ ተኮር ገበናትን

ውሑድ ግምት 10,000 ዝኾና ተጋሩ ኣንስትን ኣዋልድን ኣብ ከይዲ እቲ ጎንፅን ኣብ ፀባሒትኡን ብኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ከም ዝተደፈራ የመላኽት። ተጋሩ

ሰብኡትን ደቂ-ተባዕትዮን ከም ዝተደፈሩን መራብሒ ኣካላቶም ምውቃዕ ዝኣመሰሉ ፆታዊ በደላት ከም ዝተፈፀሙዎምን ዘመላኽቱ መረዳእታታት እውን ኣለዉ እዮም። ካብቶም ዝተፈፀሙ ሓደ ሓደ ዓመፃት ኣብ ልዕሊ ዝተኣሰሩ ሰባት ዝተፈፀሙ ስለ ዝነበሩ፣ ከምኡ ድማ ንነዊሕ ግዜ ዝተፈፀሙ ስለ ዝኾኑ እቲ ኩነታት ካልኦት ተወሰኽቲ ገበናት ፆታዊ ባርነት ከምኡ ድማ/ወይ ኣገዲድካ ምጥናስ ተፈፂሚም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ዘመላኽቱ እዮም።

### → ክፋል 6 - ለ - 2 እዚ ፀብፃብ።

### ኣገዲድካ ምፍንቓል

ብቑፅሮም ብዙሓት ተጋሩ ተገዲዶም ካብ ገዛውቶም ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ዝነብርሉ ካብ ዝነበሩ ከባቢታት ትግራይ ተመዛቢሎም እዮም። ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ንኣብነት፣ ሓደ ግምት ከም ዘቕመጦ እዚ ግዱድ ምፍንቓል ቅድሚ እቲ ጎንፂ ካብ ዝነበሩ ነበርቲ ካብ 75-90% ከም ዝፀለወ ኣቐሚጡ እዩ። ዘሎ መርትዖ ከም ዘመላኽቶ እንተነኣሰ መብዛሕትኦም እዞም ምንቅስቓሳት ምስጓግ ወይ ግዱድ ምፍንቓል ክባሃሉ ብዝኽእሉ ናይ ጎንፂ ናይ ምግዳድ ተግባራት ዝተፈፀሙ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ እዙይ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ድሕሪ ዝፍፀሙ ከም ቅትለት ወይ ኣገዲድካ ምድፋር ዝኣመሰሉ ርኡያት ገበናት ስዒቡ ዘጋጠመ እዩ። ነዙይ ንምግላፅ ሓንቲ ሰበይቲ "ቀፂሉ ኣብ ልዕለይ ክፍፀም ከም ዝኽእል" ምስ ኣረጋገፅኩ "ኣብቲ ከባቢ ብዙሓት ኣንስቲ ተደፊረን እየን፤ ስለ ዝኾነ፣ ሓንቲ ነገር እውን ኣይሓዝኩን፤ ጥራሕ ኢደይ እየ ለቒቐ።" ብምባል ገሊፃቶ እያ።

ተጋሩ ብግዱድ ኩነታት ካብቲ ቦታ ክወፅኡ ብዝምልከቶም ሰበ ስልጣን ዝተሳለጠ እዩ፤ ንኣብነት፣ ኣውቶብሳትን ካልኦት ተሽከርከርትን ብምቕራብ፣ ተጋሩ ናብ ገዛውቶም ከይምለሱ ንምዕጋት ድማ መለለዪ መንነቶም ብምምንጣል ተፈፂሙ እዩ። ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሰበ ስልጣን ኣምሓራ ምስ ኣተወ፣ ተጋሩ ናብ ምዕራብ ትግራይ ከይኣትዉ ዝተኸልከሉሎም ኣጋጣምታተት እውን ኣለዉ እዮም።

### ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ግዱድ ምስዋርን

ኣብ እዋን እቲ ጎንፂ ሰላማውያን ተጋሩ ብብዙሓት ቁፅርታት ከም ዝተኣሰሩን ኣብ ደርዘናት ቦታታት ተታሒዞም ከም ዝነበሩን ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ካብቶም ኣብ ቁፅፅር ዝወዓሉ ከም ኣካል ኣስተዋፅኦ ኢትዮጵያ ንሓይልታት ምኽባር ሰላም ሕቡራት መንግስታት ኮይኖም ዘገልግሎ ዝነበሩ እውን ሓዊስካ ካብ ስርሖም ብምኽንያት ብሔራዊ መንነቶም ዝተባረሩ ዝመስሉ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝነበሩ ተጋሩ ይርከብዎም እዮም። ኩነታት ኣተኣሳስርኦም እኹል ቀረብ ምግቢ ዘይርከበሉ ዓመፅ (ፆታዊ ዓመፅ እውን ሓዊሱ) ከም ዝፍፀም ብተደጋጋሚ ዝግለፀሉ ሕማቕ ኩነታት እዩ ነይሩ። ዝተኣከበ መርትዖ ከም ዘመላኽቶ እቶም እሱራት ኣብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ምባል ምስ ተፈረመ እውን እንተኾነ ኣብ ማእሰርቲ ከም ዝፀንሑ እዩ።

ብተወሳኺ፣ እቲ ዝተኣከበ መርትዖ ከም ዘመላኽቶ ሓደ ሓደ እሱራት ዕጬኦምን ኣበይ ከም ዘለዉን ዘይተፈለጠ ስለዝነበረ፣ እዚ ኣበይ ከም ዘለዉ ከይፍለጡ ናይ ምግባር ተግባር ድማ ብመሪሕነት መንግስቲ ወይ ሓደ ፖለቲካዊ ውዳበ ዝተፈፀመ ኮይኑ ነዞም እሱራት ንነዊሕ እዋን ከለላ ሕጊ ካብ ዝረኽቡሉ ኩነታት ንምርሓቕ ዓሊሙ ዝተፈፀመ ስለዝነበረ ግዳያት ግዱድ ምስዋር ከም ዝኾኑ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

> **"ውሽጥና ክነፅሪ ነይሩና"**
>
> - ብርጌደር ጀነራል ተስፋየ ኣያሌው፣ ሓላፊ ክፍሊ ወፍሪ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ደቂ ብሄረ ትግራይ ካብቲ ሰራዊት ምብራሮም እንተብራህርህ።

እሱራት ካብ ሓደ መእሰሪ ቦታ ናብ ካልእ እንትዘወሩ ብዝምልከቶም ሰበ ስልጣን ብተኸታታሊ መግለፂ ኣይወሃብን ነይሩ፣ ስድራ እሱራት እውን እቶም እሱራት ኣበይ ቦታ ከም ዝተተሓዙ ከም ዘይንገሮም ይፅብፀብ ነይሩ እዩ።

ድሕሪ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ከም መኽበርቲ ሰላም ሕቡራት መንግስታት ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ተጋሩ ወታሃደራት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ እውን በደል ወሪዱዎም እዩ። እቲ ጎንፂ ምስ ተጀመረ፣ ሓደ ሓደ ወታደራት ብሓይሊ ዓመፅ እንተይተረፈ ተገዲዶም ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሶም ክእሰሩ ተገይሮም እዮም - ካልኦት ድማ ናብ ኢትዮጵያ ኣይንምለስን ኢሎም ኣብ ካልኦት ዓድታት ዕቑባ ሓቲቶም እዮም።

**→ ክፋል 6 - ለ - 4 እዚ ፀብፃብ።**

## ቅትለታት

ኣብ መወዳእታ፣ ኣባላት ከለላ ዝተገበረሎም ጉጅለ ናይ ምቕታል ተግባር ከም ኣካል ዝተኸልከለ ተግባር ፅንተት ኣግባብነት ዘለዎ ምኽኑ ከም ዘለዎ ኾይኑ እዞም ተግባራት እዚኣቶም ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከሕትቱ ከም ዝኽእሉ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

ንፁር ቁፅሪ እቶም ዝተቐተሉ ተጋሩ ኣይተፈለጠን፤ እንተኾነ ግን ብውሕድ ግምት ኣብ ኣሽሓት ዝወድቕ እዩ።

ብተወሳኺ፣ እቶም ናይዞም ቅትለታት ግዳያት ትግራዋይ ብሔር እንተዘይሃለዎም እውን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ተጋሩ ምስ ዝበፅሖ መጥቃዕቲ ብቐጥታ ዝተሓሓዙ ቅትለታት ዝተፈፀሙሎም ኣጋጣምታት ኣለዉ እዮም። እዙይ ብፍላይ እንተነኣሰ 23 ሰራሕተይናታት ሰብኣዊ ሓገዝ ንዝተቐተልሉ ኩነታት ዝምልከት እዩ።

## ገበናት ኲናት ዝምልከቱ ርኽበታት

መብዘሕትኦም እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተገለፁ ተግባራት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ህ.ወ.ሓ.ትን ኣብ ክሊ ዘጋጠመ ዘይዓለም-ለኻዊ ጎንፂ ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበናት ኲናት ክበሃሉ ከም ዝኽእሉ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ብፍላይ ድማ፣ ኣብ ሓበራዊ ዓንቀፅ 3 ስምምዓት ጄኔቫ ንዝተደንገገ "ዝነኣሰ መለክዒ ነፀብራቕ ገምጋም ሰብኣውነት" ዝጥሕሱ ተግባራት ብጣዕሚ ብተደጋጋሚ ተፈፂሞም እዮም።

ኣብ ላዕላይ ከም ዝተገለፀ፣ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ካልኦት ጉጅለታትን ናብ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ሰብኣዊ ሓገዝ ከይኣቱ ከልኪሎም እዮም፤ ከምኡ ድማ መኽዘናት ምግቢ፣ ምህርትታት እኽልን ካልኦት ንህልዉና እቲ ሰላማዊ ማሕበረ ሰብ ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ኣዕንዮም እዮም። እዙይ ኮነ ኢልካ ዝተፈፀመ ጥራሕ እንተይኮነስ ብኣግባብ ኣፈፃፀምኡን ስርዓታውነቱን ከም መሳርሒ ኲናት ዝተፈፀመ ዝመስል እዩ። ስለዝኾነ፣ እዙይ ኣግባብነት ዘለዎም ባእታታት ገበን ፅንተት የማልእ ዶ ኣየማልእን ብዘየገድስ እዚ ተግባር እዙይ ገበን ኲናት ብዝኾነ ገበን ኮነ ኢልካ ንዓፀበ ምቅላዕ ከሕትት ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ፣ እንተነኣሰ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣንፃር ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ዝገበሩዎ ውግእ መትከላት ፈሊኻ ምጥቃዕን ተመጣጣኒ ሓይሊ ምጥቃምን ከም ዝጠሓሱ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ብፍላይ፣ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣምታት፣ ኣጠቓቕማ መዳፍዕን ደብዳብ ኣየርን ኮነ ኢሉ ኣንፃር ሰላማውያን ዘቕንዐ፣ ወይ እውን ዕላማ ዘይፈለየ፣ ወይ ድማ እንተነኣሰ ምስቲ ዝተገመተ ወታሃደራዊ ረብሓ ዘይመጣጠን እዩ ዝመስል ነይሩ። እዚ ተግባር እዙይ እንተተረጋጊፁ ገበን ኲናት እዩ።

**→ ክፋል 7 - ለ እዚ ፀብፃብ።**

# ብኣባላት ሓይልታት ትግራይ ዝተፈፀሙ ገበናት ዝምልከቱ ርኽበታት

ኣብዚ ሕዚ ግዜ ኣባላት ሓልታት ትግራይ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከም ዝፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ እኳ ዘየለ እንተኾነ፣ ብፍላይ ኣንፃር ተወለድቲ ብሔር ኣምሓራ ገበናት ኲናት ከም ዝፈፀሙ ዘመላኽት መርትዖ ግን ኣሎ እዩ።

ብፍላይ ድማ፣ ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት ወይ ምስኦም ዝዛመዱ ጉጅለታት ንሓበራዊ ዓንቀፅ 3 ስምምዕ ጀኔቫ ብምጥሓስ ተግባራት ገበናት ኲናት ዝኾኑ ቅትለት፣ ምስቓይ ከምኡ እውን ምስዳግ ወይ ግዱድ ምፍንቓል ብምፍፃሞም ተሓተትቲ ከም ዝኾኑ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

→ ክፋል 7 - ሐ እዚ ፀብፃብ።

## ኣብዚ ፀብፃብ እዙይ ዝተመርመሩ ኣግባብነት ዘለዎም ተዋሳእቲ

### መንግስቲ ኢትዮጵያ

ብቐዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ኣሕመድ ዝምራሕ እዩ፤ ኣብ ምስዮት ዕለት 24 ወይ ወጋሕታ 25 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ብህ.ወ.ሓ.ት. ኣንፃር ወታደራት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ተፈፂሙ ንዝበሎ መጥቃዕቲ ብ“ወፍሪ ምኽባር ሕግን ስርዓትን” ምላሽ ሂቡ።

### ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ላዕላዋይ ኣዛዚኡ ቐዳማይ ሚኒስተር እዩ። ምስ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናይ ጥምረት ወፍሪ ኣካይዱ፣ ደሓር ድማ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ምስኦም ዝዛመዱ ሓይልታት ምልሻን ስዒቦምዎም እዮም።

### ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ

ሃገራዊ ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ኤርትራ እዩ፤ ህዝቢ ዝፈልጦ ዕላዊ ስምምዕ እኳ እንተዘይሃለወ፣ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ሓበራዊ ወፍርታት ብምክያድ ንፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደጊፎም እዮም።

### ፋኖ

ሓይልታት ምልሻ ኣምሓራ እዮም፤ ኣብ ጎኒ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም ተዋሲኦም እዮም።

### ፍሉይ ሓይሊ ዓፋር

ተፀዋዕነቱ ንሽሙ ንመንግስቲ እቲ ኽልል ዝኾነ ናይ ኽልል ዓፋር ፍሉይ ሓይሊ እዩ። ኣብ ጎኒ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም ተዋሲኦም እዮም።

### ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ

ቅድም ክብል ካብ 1983 ዓ.ም. ክሳብ 2010 ዓ.ም. ኣብ መንግስቲ መሪሕ ውድብ ነይሩ፤ ኣብዚ ሎሚ ንትግራይ ኽልል የመሓድር፤ ሓውሲ ወታሃደራዊ ጉጅለ እውን እዩ።

### ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ

ንጉጅለታት ህ.ወ.ሓ.ት. ተኣመንቲ ዝኾኑ ተዋጋእቲ ሓይልታት።

### ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ

ሓውሲ ወታሃደራዊ ዝኾነ ክልላዊ ሓይሊ ፖሊስ፤ ከም ስሩዕ ፍሉይ ሓይሊ ፖሊስ ተፀዋዕነቱ ንመንግስቲ ኽልል እዩ። ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ጎኒ ህ.ወ.ሓ.ት. ኮይኖም ተዋሲኦም እዮም።

## መዛዘሚ ሓሳባት

እዚ ናይ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ዕማም እዙይ ንስምምዓት ጀኔቫ 1941 ዓ.ም፣ ናታቶም ተወሰኽቲ ስምምዓት 1968 ዓ.ም፣ ከምኡ ድማ ንስምምዕ ፅንተት ሓዊሱ ንዓለም-ለኸ ሕጊ ንፈለማ ግዜ ዓለም-ለኸ ገበናት ከም ዝተፈፀሙ ንዝቐርቡ መጠነ-ሰፋሕቲ ስምዕታታት ኣብ ተግባር ዘውዓለ ኣብ ትግራይ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ከበድቲ ገበናት ዝቐረበ

NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

መእመናይ ፀብፃብ እዩ። ኢትዮጵያ ናይ ዝፈረመቶ ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅ 2ን 3ን ብምጥሓስ ተሓታቲት ከም ዝኾነት ብዘእምን ኣቀራርባ ደምዲሙ እዩ። ኢትዮጵያ ብመሰረት ዓንቀፅ 1 ብዘለዋ ናይ ምክልኻል ግቡእ መሰረት ፅንተት ከይፍፀም እኹላት ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ከም ዘይወሰደት ብምኽንያታዊ ኣቀራርባ ኣረዲኡ እዩ።

ብፍላይ፣ እዚ ፀብፃብ ኮነ ኢልካ ሰላማውያን ሰባት ኣብ ዓፀቦ ንኽወድቁ ምግቢ ናይ ምኽልካል ተግባር ከም መሳርሒ ኲናት ከም ዝተፈፀመ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከም ዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ቀንዲ መትከላት ዕላማ ኣነፂርካ ምጥቃዕን ተመጣጣኒ ሓይሊ ምጥቃምን ብምጥሓስ ንሰላማውያን ከም ዝደብደቡን ከም ዝቐተሉን እዙይ ገበናት ኲናት ከም ዝተፈፀሙ ከረጋግፅ ከም ዝኽእልን ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ግዱድ ምስዋር፣ ኣገዲድካ ምድፋር፣ ምስ ጎንፂ ዝተዛመደ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ ድማ ምግፋዕ ሓዊሱ ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት እንተነኣሰ ኣርባዕተ ተግባራት ፅንተት ከምዚ ዝስዕብ ብመርትዖ መሰረት ተመዝጊቦም ኣለዉ፤

- ንተጋሩ ምቕታል
- ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ምብፃሕ
- ንተጋሩ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንምጥፋእ ኣብ ዝተሓሰበ ኩነታት ናብራ ምውዳቕ
- ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ወሊድ ከይህሉ ንምኽልካል ዝተሓሰቡ ስጉምትታት ምውሳድ።

እዞም ብዙሓት ወሰንቲ መርትዖታት መሰረት ብምግባር ዝተበፅሑ ርኽበታት ከም ፈረምቲ ዓድታት ስምምዓት ጀኔቫን ስምምዕ ፅንተትን ኣብቲ ኽልል ተመሳሰልቲ ከበድቲ ገበናት ከይፍፀሙ ንምክልኻል ዘለና ሕጋዊ ሓላፍነት ግልፂ ዝገበሩን ፍትሒ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ዝህልዉ ፈተናታት ዘመላኽቱ እዮም። ንስራሕቲ ፀብፃብ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ንምዕፋን ብኢትዮጵያ ዝተወሰዱ ተግባራት ከምኡ ድማ ብመሰረት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክግበሩ ዝነበሮም ምፅራያት ዘይምግባሮም ዓለም-ለኻዊ ምፅራይ ምሉእ ብምሉእ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ዘረጋግፁ እዮም።

እዚ ፀብፃብ እዙይ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ኣብ ዝተኻየደ ደማዊ ጎንፂ ዝተፈፀሙ መጨነቕቲ ጥሕሰታት ፍትሒ እንተይተፈለጡን ተሓታትነት እንተይተረጋገፀን ክሕለፉ ከም ዘይግባእ ዘረጋግፅ ፈላማይ ስጉምቲ ወሲዱ ኣሎ። ሕዚ ዓለም-ለኸ ማሕበረሰብ ናብ ተግባር ንምእታው ዘድልዮ መበገስን መርትዖን እኒሀሉ።

**ኣምባሳደር ዴቪድ ጀይ. ሸፈር**

ነበር ላዕለዋይ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣብ ዋኒናት ገበን ኲናት (1989-1993)

NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

**ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራቴጂን ፖሊሲን**

**መዳሃዪ**

ንመራኸቢ ሓፋሽ ዝምልከቱ ሓበሬታታት፣ ኢ-መይል:
media@newlinesinstitute.org

ናብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ፅሑፍ ንምስዳድ፣ ኢ-መይል፡
submissions@newlinesinstitute.org

ንኻልኦት ሓበሬታታት ናብ
info@newlinesinstitute.org

**መርክቦ፡** ቁፅሪ ህንፃ 1660፣ ጎደና ኤል፣ ሰሜን ምዕራብ፣ ቁፅሪ ቢሮ 450
ዋሺንግተን ዲሲ፣ ቁፅሪ ፖስታ 20036

**ስልኪ:** 1-(202) 800-7302

ጉንበት 2018 ዓ.ም.